# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.26 ረቡዕ 30 መስከረም 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ትምህርቲ - ብመንጽር ዕላማ ማሕበራዊ ፍትሒ

ገጽ 4
"ተጋብኦታት ሓያላን ሳላ ሓድነትና'ዩ በርዒኑ"...

ገጽ 9
ጽፈት ስራሕ

ገጽ 10
ደሃይ ሳንዳይ

ገጽ 11
ኤርትራ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ...


## ዓንሰባ - ኩነታት ጥዕና ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ንምፍላጥ ወፍሪ ተኻይዱ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኩነታት ጥዕና ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ንምፍላጥ ብዘተወደበ ወፍሪ ብ26ን 27ን መስከረም ኣብ ከተማ ከረን ን250 ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት መርመራታት ተኻይዱ።

እቲ ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ብዝመጽኡ ኤርትራውያን ሞያውያን ሕክምና ብዘቐመ ጉጅለ ዝተዋህበ ኣገልግሎት፡ ኣብ ሕማማት ዓይኒ፡ ውሽጣዊ ሕማማትን መጥባሕቲ ዘድልዮን ኣተኲሮ ዝገበረ'ዩ ነይሩ።

እቲ ጉጅለ፡ ካብ ዓዲ-እንግሊዝ ዝመጹት ዶ/ር ሰናይት ፍስሃየ፡ ካብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዶ/ር ሄኖክ ግርማይ፡ ከምኡ'ውን ካብ ኣመሪካ ዝመጹት ሞያዊት ጉት ዑቕባሚካኤልን ካልኦትን ይርከብዎም።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ወኪል ሕክምናዊ ኣገልግሎት ስንኩላን ኣቶ ረዘነ መብራህቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ - ኩነታት ጥዕና ሓርበኛታት ስንኩላን ብምፍላጥ ዘድልዮም ኣገልግሎት ከምዝረኽቡ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ክቢድ ዝበለ መጥባሕቲ ዘድልዮም፡ ናብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታላት ሓሊበት፡ ኦሮታ፡ ብርሃን ዓይኒን ካልኦትን ከምዝለኣኹ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ወፍሪ መርመራታት ካብ ዝተገብረሎም 250 ሓርበኛታት ስንኩላን፡ እቶም 40 ንዝለዓለ ሕክምና ናብ ሆስፒታል ከረንን ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታላትን ከምእተላእኩ'ውን ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ - ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ውዳበን ሓበሬታን ኣቶ ዓንደማርያም ጺጋይ ብወገኑ፡ ኣባላት ነቲ ዕድል ብዋዕኡ ምእንቲ ክጥቀሙሉ፡ ናብ ርሑቕ ገጠራትን ንኡሳን ዞባታትን ኣደሃሃ ብምግባር ሓበሬታ ከምዝተዋህበ፡ ከም ወጻኢቱ ድማ ዕውት ከምዝነበረ ኣረዲኡ።



እቲ ጉጅለ ሓኪይም፡ ኣቐዲሙ'ውን ኣብ ዞባታት ደቡብን ማእከልን ተመሳሳሊ ኣገልግሎት ሂቡ ምንባሩ ተፈሊጡ'ሎ።

## ኣብ ደቂ-ሸሓይ ብ6.5 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጸት ዲጋ ተመሪቓ

ኣብ ደቂሸሓይ - ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ብምውህሃድ ህዝብን መንግስትን ብኣስታት 6.5 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጸት ዲጋ ደናሪ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ብ27 መስከረም ተመሪቓ።

እዛ 14 ሜትሮ ቁመትን 10.5 ሜትሮ ጎንን ዘለዋ ዲጋ፡ 150 ሽሕ ሜትሮ ከቦ ማይ ናይ ምዕቛር ዓቕሚ ከምዘለዋ ዝሓበረ ንመስርሕ ህንጻታ ዝተኸታተለ ኢንጅነር ምሰጉን ዓንደሃይማኖት፡ ቀረብ ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ብምውሓስ ኣብ ትሕቲኣ ዝርከብ ኣስታት 15 ሄክታር ኣብ ምልማዕ ኣበርክቶ ከምእትገብር ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ክሳብ 2026 ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብዘይካ'ተን ዓበይትን ስትራተጂያውያንን ዲጋታት፡ ኣስታት 2.9 ሚልዮን ሜትሮ ከቦ ማይ ክኽዝና ዝኽእላ 24 ዲጋታት ተሰሪሐን፡ ኣብ ምፍታሕ ሽግር ቀረብ ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ኣበርክቶ ይገብራ ከምዘለዋ፡ 51 ሚእታዊት ካብአን ድማ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ከምዝርከባ ሓቢሩ።

ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንዘበርክትዎ ዘለዉ ወፋይ ኣበርክቶ ዘመጉሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ደቂሸሓይ፡ ነዛ ብልዑል ወጻኢታት ዝተሃንጸት ዲጋ ንምዕቃብን ንምክንኻንን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላቢዑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስን ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ደቂሸሓይ ኣቶ ነጋሲ ወልደስላሴን ብወገኖም፡ ንልዑል ተወፋይነትን ጻዕርን ኣብ'ቲ ስራሕ ዝተሳተፉ ኣካላት ብምምስጋን፡ ድሕሪ ምስራሕ ናይ'ታ ዲጋ፡ ንፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ ዘገልግል ጹሩያዊ ጸዓትን ክልተ ዒላታትን ከምእተዋደደ፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 600 ቁጽሪ ከምእተዓደለ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ መስርሕ ህንጸት ናይ'ታ ዲጋ ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት፡ ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

## ሃይኮታ - ጽጉማት ስድራቤታት ብዓይነት ተጣዩሰን

ሚኒስትሪ ሰራሕን ማሕበራዊ ድሕንነትን ማሕበረ-ቁጠባዊ ሽግር ስድራቤታት ንምቅላል ክወስዶ ብዘጀመሮ ተበግሶታት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ካብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋጽኣ 26 ጽጉማት ስድራቤታት ብዓይነት ተጣዩሰን።

ተጸዋዒ ቤት-ጽሕፈት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣቶ ተኽለ ኪዳነ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እተን ስድራቤታት ነፍሲ-ወከፈን ከም ምርጫአን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ጠሊበን ከምእተጣየሳ ኣረዲኡ።

ኣቐዲሙ፡ ን20 ስንኩላን ተመሃሮ 83 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ናይ መጻዓኛ ደገፍ፡ ንካልኦት 4 ጽጉማት ስድራቤታት ድማ ዋጋ 40 ሽሕ ናቕፋ ዓይነታዊ ሓገዝ ከምእተገብረ ብምጥቃስ፡ ኣብ መኻብሮ ናይ'ቶም ዜጋታት ዝዩዛቐ ኣበርክቶ ይገብር ምህላዉ ሓቢሩ።

እተን ብጢሉበን ዝተጣየሳ ስድራቤታት ብወገነን ብዙመረጽእ ዓይነት



ብምጥያሰን ሰራሐን ፍሰን ዝኽእላሉ ባይታ ንምፍጣር ከምዝሓገዘን ኣረጋጊጸን።



## ሓበሬታ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ብሬድዮ፡ ጋዜጣ፡ ቴለቪዥንን መርበብ ሓበሬታ ሻባይትን ዝዝርግሖ መደባት ንምምሕያሽን ጉድለታት ንምእራምን፡ ርእይቶታት ተኸታተልቲ ኣዝዩ ስለዘገድሶ፡ ኣካል መልሰዕንጋለ ብምቛም፡ ናብ ተኸታተልቲ ብምድዋል ርእይቶታት ክእኩብ ጀሚሩ'ሎ። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ፡ ተኸታተልቲ ኣብ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ናይ'ቲ መደባት ርእይቶ፡ ሓሳባትን ነቐፌታን ምስ ዝህልዎም፡ ብቑጽሪ ቴለፎን 201527 ክደውሉ ከምዝኽእሉ ይሕብር።

ሚኒስትሪ ዜና

## ዜና

# ዓዲ-ቐይሕ - ኣብ ጥዕና ፍርያምነት ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ትሕቲ 40 ዓመት ንዝዕድመአን ደቂኣንስትዮ፡ ብ25 መስከረም ኣብ ጥዕና ፍርያምነት ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ሓይኮ፡ ሃዳሙ፡ ሕሽመለን ማእለውያን ንዝተዋጽኡ ደቂኣንስትዮ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ሆስፒታል ዓዲቐይሕ ካብ ኣሃዱ ውጥን ስድራቤት ሲስተር ፍትሓዊት ዛይድ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ኣብ ዕድመ ወሊድ እትርከብ ጓልኣንስተይቲ ኣብ ትካል ጥዕና መጺኣ ምኽርን ማዕዳን ክትረክብ ኣተሓሳሲባ።

ወኪል ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ኮኾብ ተስፋይ ብወገኑ፡ ደቂኣንስትዮ ንጥዕናአን፡ ንጥዕና ዝወልድኦ ዕሸል ብዓቢኡ ድማ ንጥዕና ናይ'ታ ስድራ-ቤት ክኽተልኦ ዝግብአን መምርሒታት ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ መዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ዓዲቐይሕ ዶ/ር ጺጋዘኣብ ክፍለዝጊ፡ ጥዕና ፍርያምነት መሰረታዊ ስለዝኾነ፡ እቲ ዝኸየድ ጎስጓሳት ውጽኢታዊ ንክኸውን፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ጥቓኣን ንዝርከብ ትካላት ጥዕና ብግቡእ ክጥቀማሉ ተላቢዩ።



# ከረን - ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ብማሕበር ምንቅስቓስ ኣካላት ዝተወደበ፡ ኣብ ሕማማት ጸቕጢ ደም፡ ሽኮርን ኮለስትሮልን ዘተኩረ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ፡ ብ26 መስከረም ንህዝቢ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ምሉእ ጥዕና ንምውናን - ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክዝውተርን ስሩዕ ኣመጋግባ ክህሉን ከምዝግባእ፡ ኣብ ሆስፒታል ከረን ሓፈሻዊ ሓኪምን ክኢላ መጥባሕትን ዶ/ር ዑስማን ዓሊ ኣዘኻኺሩ።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ተቓጺሉ ናብ ሓይሊ ከምዝቕየርን ኣካላትና ኣስስጅን ከምዝረክብን ዝገብር፡ ከምኡ'ውን ንስርዓት ልቢ፡ ሰራውር ደምን ሓንጎልን ፍቱን መድሃኒት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዶ/ር ዑስማን ወሲኹ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ልዋም ድቃስ ብምርካብ፡ ሕማማት ረሲዕን ጭንቀትን



ንምውጋድ ዝሕግዝን ስሩዕ ሚዛን ኣካላት ከምዝህልወካ ዝገብርን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ብሰፊሑ ክዝውተር ተላብዩ።

ኣካላትና ዝተመጣጠነ መጠን ካርቦሃይድሬት፡ ፕሮቲን፡ ቪታሚናትን ማዕድናትን፡ ጨውን ማይን ከምዝደልየ፡ እኹል ማይ ዘይምስታይ ድማ ንረኽሲ ፍሕኛን ኩሊትን ከምዝቃልዕ ብምግላጽ፡ ዝሑል ማይ ምስታይ ረኽሲ ጎረሮን ጸገም ምሕቃቕ መግብን ስለዘስዕብ፡ ልብጥ ዝበለ ማይ ክዝውተር ተማሕጺኑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሽኮራዊ መግብታት፡ ከምኡ'ውን ስብሒ፡ ዕሹግ መግብታትን



ኣልኮላዊ መስተን ምስ ምውሳኽ ዕድመ ንጥዕና ሓደገኛታት ስለዝኾኑ ጥንቃቐ ክግበር ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንጥዕና ሓጋዚ ስለዝኾነ ኣብ ስድራቤታት ንኽተኣታትዎ ቀጻሊ ጎስጓስን ኣስተምህሮን ክውደብ ተላብዮም።

# ዓዲ-ቐይሕ - ኣብ ማእለውያ ቀረብ ዝስተ ማይ ይዋደድ ኣሎ

ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ - ምምሕዳር ከባቢ ማእለውያ፡ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ፕሮጀክት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ይዋደድ ኣሎ።

እዚ ምስራሕ 300 ፊስቶ እትሕዝ ባስካ፡ ምዝርጋሕ 4.5 ኪሎ-ሜትር



ሻምብቆታት፡ ከምኡ'ውን ህንጸት ነቑጣታት ዘጠቓልል ፕሮጀክት፡ ንዓድታት ማእለውያ፡ ተገረንን እምባጭላይን ዘገልግል'ዩ።

ነቲ ስራሕ ዝመርሐ ዘሎ ጆሜትራ መብራህቱ ፍስሃየ፡ እቲ ዕማም ብዕዙዝ ተሳትፎ ነበርቲ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ኣሰፋው ቱርካይ ብወገኑ፡ እቲ ዕማም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ሰምዲን ደርዓን ዝተዋደደ ፕሮጀክታት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ክሳብ ዝዛዘም ተራን ኣበርክቶን ህዝቢ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ማእለውያ፡ ካብ ከተማ ዓዲቐይሕ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ 5 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284



## ተፈጥሮኣዊ ጽባቐና ካብ ዘበላሽዉ መመላኽዒታት ምጥቃም ንቀጠብ!

**2ይ መልእኽቲ**

**2.ቀርበት ዘቕይሑ /ዘጻዕድዉ መመላኽዒታት እንታይ እዮም፧**

. ቀርበት ዘቕይሑ/ዘጻዕድዉ መመላኽዒታት፡ ቀርበትና ጸሊም ሕብሪ ከም ዝህልዎ ዝገብር ሜላኒን ዝተባህለ ባእታ ኣብ ኣካላትና ንከይስራሕ ብምዕጋት ዘይተፈጥሮኣዊ ቀይሕ/ጻዕዳ ሕብሪ ከም ዝህልወና ዝገብሩ ከሚካል ሓዘል ትሕዝቶታት እዮም። ብዙሕ ግዜ፡ እዞም ቅጽበታዊ ለውጢ ከም እተምጽእ ዝገልጽ መወዓውዒ ገበር ዝተለጠፎም ትሕዝቶታት፡ ከም ብዓል ሜርኩሪ ዝኣመሰሉ ሓደገኛ ከሚካላት ዝሓዙ እዮም። ገለ'ውን ብሕክምና ጥራይ ዝእዘዙ መድሃኒታት (ሃይድሮኩዮን ስቴሮይድስ ወዘተ) ዝሓዙ እዮም። ስለዚ ድማ እዞም ዓይነት መመላኽዒ ኣብ ጥዕና ቀርበትናን መላእ ኣካላትናን ሓደገኛ ሳዕቤን ከኸትሉ ይኽእሉ።

**መልእኽቲ ካብ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ**

# ትምህርቲ - ብመንጽር ዕላማ ማሕበራዊ ፍትሒ

ኣሕመድ ሱሌማን

*ዘለናዮ ወቕቲ፡ ተማሃሮን መማህራንን ድሕሪ ክረምታዊ ዕረፍቲ ዳግም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ተመሊሶም፡ ሓድሽ ዓመት-ትምህርቲ 2026-2027 ዝጀምሩሉ እዋን እዩ። ዚ ኢጋጥሚ ብምምባር፡ ከም ሃገርን ህዝብን ብዛዕባ ትምህርቲ ዘለና ራኢይን ኣመለኻኽታን እንታይ'ዩ፧ ራኢይናን ዕላማታትናን ኣሰፊርም ዘለዉ ሰነዳት እንታይ ይብሉ፧ ተመሊስካ ምውካሶም፡ ብመንጽሩ ድማ፡ ክሳብ ክንደይ ብግብሪ ንሰርሓሉም ኣለና ምምዛንም ኣገዳሲ ይኸውን። ኣብ 1994 ዝጸደቐ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ብዛዕባ ትምህርቲ ከምዚ ይብል፦*

"ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ እዩ። ንኹሉ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ምርግጋጽ ማለት ከኣ፡ ንኹሉ ማዕረ ዕድል ምዕባለ ምኽፋት ማለት እዩ። ህዝብና ካብ መሃይምነት ተላቒቑ፡ ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዘመናዊ ጥበብ መሊኹ፡ ኣፍራዪ ዓቕሙ ብምድንፋዕ ሃገሩ ንኸሃንጽ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብሰፊሑ ክዝርጋሕ ኣለዎ። ትምህርቲ ኩሉ ኤርትራዊ ክረኽቦ ዝግባእ መሰረታዊ መሰል'ዩ። ስለዚ ኣብቲ ዕድል ትምህርቲ ተኻፊግዎ ዘጸንሐ ገጠራት ሃገርና ትምህርቲ ክስፋሕፋሕ ኣለዎ። ንሃገራዊ ሓድነትን ምዕባለን ዘገልግል፡ ዘመናዊ ፍልጠትን ክእለትን ዘሰንቕ ምዕቡል ሃገራዊ ስርዓት ትምህርቲ ክንሃንጽ ኣለና። ትምህርቲ ከይማዕበለ ሃገርና ክንሃንጽን ደሞክራሲን ፍትሒን ከነስፍንን ኣይንኽእልን ኢና። . . .እቲ ዝዓበየ ሃብትና ዓቕሚ ሰብና እዩ። ስለዚ ንምምዕባሉ ቀዳምነት ሂብና ክንሰርሕ ኣሎና። ሰፊዕ ትምህርቲ ምዝርጋሕ ሓደ መገዲ'ዩ። ብዘይካኡ ግን፡ ኩሎም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብብዓውዶም ቀጻሊ ትምህርትን ስልጠናን ክህቡ ኣለዎም። ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ብብዓውዱ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ቀጻሊን ዘየቋርጽን ጻዕሪ ክካየድ ኣለዎ።"

ከምዚ ሃገራዊ ቻርተር ብንጹር ቃላት ኣሰፊርዎ ዘሎ፡ ብዛዕባ ህንጸት ሃገር ክንሓስብ እንተኾንና፡ ብቐንዱ ብዛዕባ ህንጸት ሞያ፡ ክእለትን ፍልጠትን ዝመልኸ ሰብ ኢና ክንሓስብ ዘለና። ምኽንያቱ፡ ሃብቲ ሃገር ማለት፡ መሬት ወይ ባህርያዊ ጸጋ ዘይኮነ ሰብ'ዩ። ምዕባለ ሃገር ኣብ ምዕባለ ሰብ'ዩ ዝምርኮስ። ፍልጠትን ሞያን ዘይዓጠቐ ሰብ ድማ፡ ንብሱ ክማዕበል ይኹን ሃገር ክሃንጽ ኣይክእልን እዩ። ፍልጠትን ሞያን ድማ፡ መሰረቱ ትምህርቲ እዩ - ትምህርቲ ቡቲ ሰፊሕ ትርጉሙ። እሞ'ኸ፡ እዚ ኣብ ቻርተርና ሰፊሩ ዘሎ ዕላማ ብግብሪ ይሰርሓሉ'ዶ ኣሎ፧

ዚ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማክሮ ፖሊሲን ትምህርታዊ ፖሊሲን ሃገርና ሰፊሩ ዝርከብ ራኢይን ኣመለኻኽታን ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚሩ፡ ብምሉእ ዓቕሙ ክረባረበሉጸኒሑ ኣሎ። ኣገልግሎት ትምህርቲ ከም መሰረታዊ መሰል ኣብ መላእ ሕብረተሰብን ኣብ ኩሎም ዜጋታትን ንምብጻሕ፡ ቀዳምነት ዝያዳ ኖቲ ካብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ተሃሚሹ ዝጸንሐ ከባቢታት እናሃበ፡ ኣብያተ ትምህርቲ


ቤት ትምህርቲ ግርግር-ገርሲ.

ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ንምህናጽን ንኹሉ ዜጋ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብናጻ ንምብጻሕ፡ መሳለጥያን ናውቲ ትምህርትን ንምቕራብ ሰፊሕ ስራሕ ክካየድን ገዚፍ ወፍሪ ክፍሰስን ጸኒሑ ኣሎ። ከም ውጽኢት ናይዚ ጻዕሪ'ዚ፡ ኣብ ዓመት ትምህርቲ 1990/91፡ ማለት ኣብ ፈለማ ዓመት ናጽነት፡ ብዘሐ. መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ብድምር 292 ዝበረ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዝሒ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣስታት 2000 በጺሑ ይርከብ። ብኡ መጠን ድማ፡ ኣብ ፈለማ ዓመት ናጽነት ብዝሒ ተማሃሮ 168,000 ዝበረ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ልዕሊ 800,000 ምብጽሑ ጸብጻባት የመልክቱ። ብዓለም ደረጃ፡ 3.7% ካብ ሃገራዊ እቶተን ኣብ ትምህርቲ ዝምድባ ተባሂለን ብኣብነት ዝጥቀሳ ሃገራት 10% ጥራይ ክኾና እንከለዋ፡ መንግስቲ ኤርትራ ልዕሊ 4% ናይ ሃገራዊ እቶት ንትምህርቲ እናመደበ፡ ዜጋታቱ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብናጻ ማለት ብዘይ ክፍሊት ክምዝረኽቡ ይገብር ምህላዉ፡ ንህንጸት ሰብ ኣውራ ንህንጸት መንእሰያትን ቆልዑን ክሳብ ክንደይ ልዑል ትኹረት ሂቡ ይነጥፈሉ ከምዘሎ ዘጉልሕ እዩ።

እዚ ኣሃዛዊ መግለጺ፡ ምስፍሕፋሕ ኣብያተ ትምህርቲን ሱታፌ ዜጋታትን ኮይኑ፡ ኣብ ባይታ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ዘወር ምስ እንብል፡ ኣብ ኤርትራ ቤት ትምህርቲ ዘይርኣየሉ ከባቢ ዳርጋ የለን ክንብል ንኽእል ኢና። ሳላ ወሁድ ጻዕሪ ህዝብን መንግስቲን፡ ኣብየ ከባቢኡ፡ ብዙሓት ናይ ቅድመ ትምህርቲ፡ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ መንግስታውያን ኣብያተ ትምህርቲ ብምዝርግሐን ድማ፡ ብሰንኪ ቤት ትምህርቲ ዘይምህላው፡ ወይ ራሕቂ ቤት ትምህርቲ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝተርፍ ቆልዓ ውሑድ እዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኩሎም ዜጋታት ብሕልፊ ድማ መንእሰያት ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዘበናዊ ጥበብን ሞያን መሊኾም፡ ኣፍራዪ ዓቕሞም ዘደንፍዕሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ኣካዳሚያዊን ቴክኒካዊን ትምህርቲ ዝህቡ፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኮሌጃትን ማእከላት ስልጠናን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ብምምስራት፡ መንእሰያት ዝተፈላለየ ስልጠናታት ዝረኽቡሉ ሰፊሕ ዕድላት ከፊቱ ይርከብ። ከም ውጽኢቱ፡ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ካብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር፡ ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝፈረዩ መንእሰያት ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብዝተፈላለየ ሞያታት እናሰልጠኑ ኣብ ስራሕ ዓለም ይዋፈሩ ኣለዉ።

ሓደ ካብ ዓበይቲ መለክዒታት ስልጡን ሕብረተሰብ፡ ህላወ ምዕሩይ ዕድላት ኣብ ኩሉ ክፍልታት ሃገርን ሕብረተሰብን እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዘይኣፈላላይ ከባብን ማሕበራዊ ቦታን ንኹሉ ኣባል ሕብረተሰብ ምዕሩይ ዕድላት ክርሕው ዘይክኣለ ህዝቢ ወይ ሃገር፡ ቅልጡፍ፡ ጥዑይን ፍትሓውን ምዕባለ ከረጋግጽ ተኽእሎ የብሉን። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ምኽፋት እምበኣር፡ ብሓደ ወገን ህንጸት ሃገር ዘቀላጥፍ ድራኸ ክኸውን እንከሎ፡ ቡቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ኣብ ጉዕዞ ምዕባለ ንኹሉ ዜጋ ምዕሩይ ዕድላት ብምርሓው፡ ዝጸንሐ ዘይምዕሩይነት ኣብ ምትዕርራይ ዓቢ ተራ ዝጻወት እዩ። ምርግጋጽ ምዕሩይ ዕድላት ድማ፡ እቲ ቀንዲ መሰረት ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ።

ከምዝፍለጥ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ራኢይ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ እዩ። ሃገራዊ ዕላማና፡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፡ ማዕረ ዕድላት ተኸፊቱሉ፡ ካብ ጸጋታት ሃገር፡ ሪሙ ዝረኽበሉ ቁጠባዊ ስርዓት ምፍጣር እዩ። ዕላማና፡ ኣብ መንጎ ኩሎም ክፋላት ሕብረተሰብ ዝጸንሐ ምርሕሓቕ ብምውጋድ፡ ኣብ መንጎ ርኹባትን ስኡናትን ዝጸንሐ ጋግ ብምጽባብ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ዝተመጣጠነ ቁጠባዊ ምዕባለ ምርግጋጽ እዩ። ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝተዋጽኡ መንእሰያት፡ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ዝረኽቡሉ ባይታ ምፍጣር እምበኣር፡ ኣብ ምርግጋጽ ዝተመጣጠነ ቁጠባዊ ምዕባለን ምዕሩይ ዕድላትን ዓቢ ድርኺት ዝፈጥር፡ ኖቲ እንብህጎ መልክዕን ክውንነትን ሕብረተሰብ ኣብ ምፍጣር፡ ወሳኒ ተራ ዝጻወት እዩ።

ከምቲ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር እውን ተጠቒሱ ዘሎ ሃገራዊ ዕላማታትና ኣብ ምጭባጥ፡ እቲ ዝዓበየ እንተኣማመሉ ጸጋ፡ ዓቕሚ ሰብና እዩ። እዚ ጸጋ'ዚ ናይ ብሉጽ ኣድማዒ ክኸውን፡ ፍልጠት፡ ሞያን ቴክኖሎጂን ክመልኽ ከምዘለዎ ተኣሚኑሉ ድማ፡ ቆልዑን መንእሰያትን ሰፊዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝረኽቡሉ ባይታ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኣብ ርእሲ ምፍጣሩ፡ ዜጋታት ክሰም ደረጃኦም፡ ዝተፈላለየ ሞያታት ዘጥርዩሉ ሰፊሕ ናይ ስልጠና መደባት ኣብ ምትግባር ይርከብ። ብዘይካ'ዚ፡ ኩሎም ትካላት መንግስቲ ብብዓውዱ ንመንእሰያት ቀጻሊ ትምህርትን ግብራዊ ስልጠናን ክህቡ ጸኒሖምን ኣለዉን። እዚ ኣብ መላእ ሃገር፡ ብስሩዓት ኣብያተ ትምህርቲን ብኹሎም ኣካላት መንግስቲን ሕብረተሰብን፡ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ እምበኣር፡ ኣብ መውዳእታ፡ ክወቕዮ ዝሕልን ሸቶ፡ ምርግጋጽ ምዕሩይ ዕድላት ብኡ ኣቢልካ ድማ ምርግጋጽ እቲ ዓቢይ ሃገራዊ ዕላማ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ።

ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምስፉሕ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲን ምውዳድ መሳለጥያታትን ዝተገብረ ገዚፍ ወፍሪ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኩሉ ዜጋ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ብናጻ ከምዝረኽቦ ምግባር እውን፡ ዕላማኡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ካብ ክሰራሕኡ መኽሰቡ ይዓቢ ዝብል እምነት'ዩ ዘለዎ። ብርግጽ ድማ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ መንእሰያት፡ ዘመናዊ ፍልጠትን ሞያን ሰኒቖም፡ ኣብቲ ዓያዪ ሓይሊ ክጽንበሩ እንከለዉ፡ ኣፍራይነትን መሃዘነትን ሕብረተሰብ ኣብ ምዕራግ ዝህልዎም ግደ፡ ካብቲ ንምስልጣኖም ዝተገብረ ወፍሪ ብዙዓጻጸፊ ዝዓበየ እዩ።

ምስዚ ዕላማ'ዚ ተኣሳሲሩ እምበኣር፡ ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ኣስተብህሎ ዘድልዮ ኣገዳሲ ጉዳይ ኣሎ። ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ተጸምቢሮም ናብ ቀጽሪ ኣብያተ ትምህርቲ ክመላለሱ ዕድል ስለዝረኸቡ ጥራይ፡ እቲ ብትምህርቲ ክንጭብጦ እንሕልን ዓቢይ ሃገራዊ ዕላማ ወቒዕና፡ እቲ ዝድለ መኽሰብ ጨቢጥና ማለት ከምዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ። ህንጻን መሳለጥያን ብምቕራብ ብዙሓት ተማሃሮ ምእንጋድ ቀሊል ገሲጋስ እኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ መወዳእታ ግን እቲ መለክዒ፡ ብዝሒ ተሳተፍቲ ዘይኮነ፡ እቲ ዝወሃብ ዓይነት ትምህርትን ንሱ ዘኸስቦ ብቕዓትን እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ትምህርቲ ብዓይነቱ እናተመሓየሸ ብሉጻትን ኣብዚ ዘመናዊ ዓለም ተወዳደርቲን ዜጋታት ንምፍራይ ተወሳኺ መሳለጥያታት ናይ ምውዳድ ስራሕ ብስፍሓት ምትግባር የድሊ። ከመይሲ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡ ብቑዕ ፍልጠት ኣብ ምስግጋር ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ላብራቶሪታት፡ ዎርክሾፓት፡ ኮምፒዩተራት፡ ኣገልግሎት ኢንተርኔት፡ ኣብያተ ንባብ፡ መምሃሪ መጻሕፍቲን ተወሳኺ ናይ ንባብ መጻሕፍትን ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይን ብምልኣት ከምዝበጽሕ ንምግባር፡ ሕጂ እውን እቲ ጻዕሪ ብዝለዓለ ደረጃ ክቕጽል ኣለዎ። ብቑዕ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡ ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲ ምውዳድ ዝጠልቦ ርእሰማል ገዚፍ እኳ እንተኾነ፡ ምስ ዕቤት ቁጠባን ሃገራዊ ዓቕምን እናተዛመደ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝግበር ወፍሪ ደረጃ ብደረጃ እናዓበየ ክኸይድ ዘለዎ፡ ግድነታዊ ቅድመ ኩነት ንብልጸት እዩ።

ኣብዚ ዘመን'ዚ፡ ሕብረተሰባት ወይ ሃገራት፡ ዋሕስ ምዕባለኦምን ተወዳዳርነቶምን ስርዓት ትምህርቲ እዩ። ኣብ ቁጠባዊን ቴክኖሎጂያውን ውድድር፡ ፍልጠት፡ ሞያን መሃዘነትን ዜጋታት ቀንዲ ረቛሒ ናይ ጸብለልትነት ስለዝኾነ፡ ምሕያል ወይ ምድኻም ብቕዓት ትምህርቲ፡ ኣብ ቅልጣፈን ዝሕታለን ዕቤት ዓቢ ስምብራት ስለዝለዎ ምስ ጉዳይ ሃገራዊ ድሕነት ክርአ ዝግባእ እዩ። ንሕና ኣብ ምምዕባል እንርከብ ህዝብታት ብፍላይ፡ ማዕረ ዓለምና ክንሰርዕ ዝሕጋሽና ኣመና ቅልጡፍ ክኸውን እዩ ዝግባእ። ንዕብየት ድማ እቲ ቀዳማይ ረቛሒ ባህርያዊ ጸጋ ዘይኮነ፡ ፍልጠት እዩ። ስለዚ ድማ ኣድህቦና ዝያዳ ካልእ ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ ብምቕናዕ፡ ስርዓት ትምህርትና ብቐጻሊ እናሓየለ ከምዝኸይድ ብምግባር፡ ምስ ግዜን ምዕባለታትን ዝሰጉም ብሉጽ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ብቐጻሊ ክንጽዕር ይጽንሓልይ ዘይብሎ ጉዳይ እዩ።

ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ ካልእ ኣገዳሲ ረቛሒ ምሕደራ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብሉጽ ስርዓት ትምህርቲ ሒዝካ፡ ትምህርታዊ መሳለጥያታት ብምልኣት ምስ ኣዋደድካ እውን እንተኾነ፡ ትካላት ትምህርቲ ኣገልግሎቶም ኣድማዕን ውጽኢታውን ዝኸውን፡ ጉድለትን ድኽምን ብኣጋ እናፈወሰ ንዘበርኽ ብቕዓት ዝሰርሕ ሓያል ትምህርታዊ ምሕደራ ምስዝህሉ እዩ። ብቕዓት ተማሃሮ፡ ዓይነት ስርዓት ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝውስኖ። ንዕኡ ዘተግብር ምሕደራ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ከመይሲ ድኹም ምሕደራ ትምህርቲ፡ ዋላ እቲ ዝበለጸ ስርዓት ትምህርቲ እናሃለወ፡ ትርፉ ብኹት ተማሃሮ እዩ።

በዚ ዝተጠቕሰ ሰለስተ መዳያት ክርአ እንከሎ እምበኣር፡ ኣብ መስርሕ ምስትምሃር ከማልኡ ዝግብኦም ገና ተወሰኽቲ ዓበይቲ ዕዮታት ከምዝለዉ ዝበሓድ ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ፡ ኖቲ ዘሎ ሕጽረታት ብምምላእ፡ ኣብ ምሕደራ ዘሎ ድኻማት ብቐጻሊ ብምፍዋስ፡ ትምህርታዊ ብሉጽነት ንምርግጋጽ፡ ኩሎም ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝጥርፉ ኣካላት ትግሃቶም ከዕዝዙ ይግባእ።

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ተጻብኦታት ሓያላን ሳላ ሓድነትና'ዩ በርዒኑ” ሌ/ኮ ተመስገን

ስእሊ.- ኣብርሃም በየነ

*ኣብ ዝሓለፉ ተኸታተልቲ ሰሙናት ሕታምና፡ ኣብ መዓስከር ሳዋ ዝካየዱ ወተሃደራውን ትምህርታውን ንጥፈታት ኣመልኪትና ብተኸታታሊ ምስ ምኽትል ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሌኮ ተመስገን ጥሚኤል (ወዲ-ማሚር) ቃለ ማጠይቕ ከም ዘካየድና ይዝከር። ንሎሚ ድማ 4ይን መወዳእታን ክፋል ይስዕብ፡*

**- ብመሰረት ካብዚ ክንዕሎ ዝጸንሕና፡ መንእሰያትና ካብዚ ወጺኦምን ተኸሊሎምን ኣብ'ቲ ሃገርም ዝጠልቦ ዕማማት ተዋፊሮም ኣብ መኽተን ልምዓትን ህንጻትን ትምህርትን ብተወፋይነት ይጥፉ ኣለው፡ ንኣበርክቶኦም ከመይ ትገልጾ፧**

እቲ ህሉው ኩነታት ናይ'ቲ ሃገር ባዕሉ እንድዩ ዝምስክር። ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና፡ ሓደ ሰብ ደዝር ሒዙ ክስርሕ እንተ ደኣ ጸኒሑካ “ክንደይ ዘርያ ኢኻ” ኢልካ እንተ ደኣ ሓቲትካዮ፡ ዝኾነ ዘርያ እዩ



እቲ መደብ ናይ ታዕሊም እዋን ጥራይ እዩ ነይሩ። ካብ 2003 ኣትሒዙ ግን ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ሳዋ ተመስሪቱ፡ 8 ወርሒ ኣካዳሚ ይመሃሩ፡ 4 ወርሒ ድማ ወተሃደራዊ ስልጠና ይወስዱ። ማሞሸውን ከምዚ ዝበልካዮ ኣብ መንጎ መጺኡ ነይሩ፡ ክሳብ 13 ዘርያ ሞያዊ ስልጠናታት ናይ ማሞስ በብመድረኹ ተዋሂቡን መንእሰያት ሞያዊ ስልጠናታት

ብሄራትና ዝወሰነ እዩ። እዚ እንታይ እዩ ዘርእየካ፡ እቲ መንግስቲውን በበዓመቱ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ዝቐጸለ ግዜ ተሳትፎ ናይ ብሄራት ብዝዓጸፈ እናዓበየ ክኸይድ ከም ዝኽእል ይረኣየካ፡ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ 50ብ50 ማእታዊት እዩ። ወረ ሓደ-ሓደ ግዜስ ኣብ ገለ ዘርያታት እተን ደቂ-ኣንስትዮ ዕብልል የብላ እየን። ኣብ ብሄራትና ግን ፍልልይ ክህሉ ግድን እዩ። እቲ ንቕሓት ግን እናመጸአ ይኸይድ ኣሎ። ሳዋ እንተ ኢልና ኤርትራ እያ፡ ከምዚ ኣብ ኢክስፖ እንተ ደኣ ከይድካ ኩለን ብሄራትና ዝሳተፋሉ ማለት'ዩ። ሕጂ ኢክስፖ ንእሽቶ ኤርትራ እያ እንተ ደኣ ኢልና፡ ሳዋ ከኣ ዓባይ ኤርትራ እያ።

**- ወዲ-ማሚር፡ ኣብ ሳዋ መንእሰያት ወተሃደራውን ኣካዳምያውን ትምህርቲ ጥራሕ ደዮም ዝመሃሩ ዋላስ..፧**

ኣካዳምያውን ወተሃደራውን ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮኑን ዝወስዱ፡ ምስኡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓመት ተታሓሒዙ ዝኸይድ ንንቕሓት ናይቶም መንእሰያት ዝሕግዝ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣሎ። እዚ ትምህርቲ'ዚ ሰፊዕ ግዜ ተዋሂብዎ ብመልክዕ ሰሚናር እዩ ኣብ ስተጅ ዝካየድ። ብኣእለምቲ ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝወሃብ ሰሚናር እዩ። ኣብ ንቕሓትን ሃገራውነትን ናይቶም መንእሰያት ክብ ንምባል ዝወሃብ ትምህርቲ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ሰሙን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ዝተኩረ ትምህርቲ ይመሃሩ እዮም። ብዙሕ ተራ መንእሰያትን መኸተን ኣብ ህንጸት ሃገር፡ ተራ ደቀኣንስትዮ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ፡ ሃይማኖትን ሃይማኖታዊ ጥናፍትን፡ መንግስታዊ ባህላዊ ወርሻን፡ ብዙሕ ቀጠባዊ ፖሊሲ ሃገርናን ኣመታቱን፡ ፖሊሲታት ዕደና...ዘጠቓልል ይወሃብ እዩ። ናይ ብሓቂ እቶም መንእሰያት'ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣስተምህሮ ሃንቀው ኢሎም እዮም ዝጸበዩዎ። ደሓር ከኣ ሳላ እዚ ሓድነትን ንቕሓት'ዚ እዩ ውዲታትን ተጻብኦታትን ሓያላን በርዒኑ።

ጽንዓት ተጋዳላይን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብኸመይ ተመስሪቱ፡ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ጾላኢ .. ዝፈጸመኦ ቅያታት፡ ተራ ሓፋሽ ውድባት፡ .... እዚታት በየም ሰብ ውዕሎ ክግለጽ እንከሎ መሳጢ እዩ። እቶም መንእሰያት ሓንጎሎም ክፉት ስለ ዝኾኑ፡ ኣገዶም እዮም ዝፈትውዎ። “እዚ ከምዚ ዓይነት ሰሚናራትን ታሪኻዊ ፍጻመታትን ኩሉ ግዜ ክዝነዩዋን ክወሃበና ኣለዎ። ካብ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እንተ ዝጅምር ጽቡቕ እዩ” ዝብል ርእይቶታት



እዩ ዘለዎም። ኩሉ እዚ ኣፍኲዚብካ ክትርእዮ እንከለኻ፡ እቲ መንእሰይ ታሪኽ ሃገሩ ኣብ ምፍላጥ ይኸውን ምዕቃብ ናይ ዝሓለፈ ወለዱ ጅግንነት ኣብ ምውራስ ዘለዎ ህንጥዩት ኣዝዩ ዓቢን ልዑልን እዩ።

ተጋዳላይ እንተ ኢልካ ሳሕል ትብል፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተ ኢልካ ከኣ ሳዋ ትብል እዩ። ቀደምሲ “ሳሕል ዘይከደ ኣይተጋዳላይን እዩ” ይብሃል ነይሩ። ኣብ እዋን ሰውራ ደርፊ'ውን ነይሩ፡ ናብቶም ሓደ-ሓደ ኣብ ክንዲ ንሳሕል ናብ ቃልሲ ወፊሮም ሃገርም ካብ ዓማጺ ናጻ ከውጽኡ ዝበጸሱ፡ በቲ እዋን ናብ ሰዉድያ ዝኸዱ ዝበሉ ገለ ሰባት ማእከል ዝገበረ ደርፊ እዩ። ህዝብና ነተን ሽቁሎም ብገለ ዝሰዱወን ዝበሉ ፖሽዝበጠን ነቲ ዝበረ ርሱን ቃልሲን ርእዩ “ሰብ ሰዉድያ ንሓሸሹም ኩኑ ሳሕል እዮም ዘለዉ ጀጋኑ” ዝብል እዩ ነይሩ።

እቲ ቀደም ብዙሳ ሳሕል ዝበረ ቅኒት ናይቲ ህዝቢ ከምዚ ዝበልኩኻ ነይሩ። ሕጂ





ዝጠቕሰልካ። ኮታ እቲ ካርታ'ሙ ዘንጸፍ ዘሎ፡ ትራክተር ሒዙ ዝሓርስ ዘሎ፡ ዝምህር፡ ዝሕክም፡ ዘማሓድር ንሱ እዩ። ኣብ ሓደ ርሑቕ ከባቢ እንተ ደኣ ከይድካ፡ ንኣብኡ ኣብዚ ከባቢና ዋላ ናብ ሸቕ ኣጀዲድ ከባቢ ሆሚብ እንተ ደኣ ኬድካ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎ ሓኪም ብሳዋ ዝሓለፈ መንእሰይ እዩ። ኣብቲ ምክልኻል እንተኸይድካ፡ እቲ ሃገር ዝሕሉ ዘሎ ንሱ እዩ። ብዝተፈላለዩ ሞያታት ብምምሳስ ዓዲ ሃሎ፡ ኣብ ቴክኒካዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰልጠነን ዝተመሃረን ሰብ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝፈረየ መንእሰይ እዩ። ኣብቲ ሃገር ዘለዎም ኣበርክቶ እዚ እዩ ኢልካ ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ስለዚ ማስርሕ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣበርክቶኡ ዓቢ እዩ። ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተዘይምስረት ነይሩ፡ “እዚ ሃገርን እዚ ህዝበ'ዚን እንታይ ምኾነ” ኢልካ እንተሓሰብካ፡ እቲ መልሲ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። መድረኽ ብመድረኽ ክትርእዮ እንከለኻ፡ እዚ ኩሉ ኣንጻር ህላወና ዝተኻየደ ተጻብኦታት፡ ሳላ ኣበርክቶ ሳዋን ሳላ'ዚ መንእሰይን እዩ በርዒኑ።

**- ኣብ ሳዋ ኣብ ዝግበር ትምህርታውን ወተሃደራውን ከምኡ'ውን ሞያውን ስልጠናታት ማሞስ፡ ሓደ መንእሰይ ነበሱ ኣብ ምህናጽ ዘለዎ ኣበርክቶ ከመይ ትገልጾ፧ ኣብ መኣዲ ሳዋን ትምህርትን ተሳታፍነት ብዝሕነት ብሄራት ከመይ ኣሎ፧**

እቲ መድረኻት ናይ ሳዋ በበመድረኹ ይፈላለ እንድዩ፡ ክሳብ 2003 ዝነበረ ግዜ

ወሰደዎምን እዮም። ብድሕሪኡ ብዙሕ ኣይቀጸለን። ምናልባት ከም ብሓዳሽ ናይ ምጅማር መደብ'ውን ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ተሳታፍነት ናይ ብሄራት ብመሰረት ኣብ'ቲ ዞባታትና ዘለዋ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ እዩ ዝውሰን። እቲ ምልኣትን ተሳታፍነትን ናይ ብሄራትና ኣብ ገለኣን ዞባታትና ክብ ክበል እንከሎ፡ ኣብ ገለኣን ከኣ ቁሩብ ትሕት ይብል እዩ። ነዚ መንግስትን ህዝብን ሓያል ጻዕሪ ይገብሩሉ ኣለው። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከባቢ እውን ቁጽረን እናበዝሓን እናዓበያን ይኸይድ ኣሎ። እቲ ዕቤት ናይ ቤት ትምህርቲ ብመሰረት ብዝሒ ተሳታፍነት ናይቶም

ኣብ'ቲ ናይ ቀዳማይ ሰማስተር ዝጅመር መደብ ትረኽቦውን ኣሎ። እቶም ሰብ ውዕሎ ባዕሎም ብኣካል ብዙሓ እቲ ስርሒታት ዝገልጹሉ መድረኽ እዩ። ከም ኣብቶት ቀድሚ ናጽነት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዝነበረ ኩናት፡ ተራ ኣሃዱታት ሜካናይዝድ ህግ እንታይ ይመስል ነይሩ፡ ውግእ ከበባ ናቕፋን

**- ህዝቢ ኤርትራ ነዊሕን ከቢድን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካየደ ህዝቢ እዩ። ንሽኻ ድማ ኣካል ናይቲ ዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲ ከም ምኳንካ መጠን፡ ህዝብና ንሳሕልን ሳዋን ከመሳስሎን ይሰምዕ እዩ'ሞ፡ ገለ ካብ'ቲ ዝብሃል ወስ ከተብለልና፧**

ሓቅኻ እንዲኻ፡ ኩሉ ሰብ ንኽልቲኣን ከም ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዩ ዝርእየን። ሳሕልን ሳዋን ኣብ ምዕራፍ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ቦታ እዩ ዘለወን። ከምዚ

ከኣ “ሳዋ ዘይበጽሐ ኣይ ኤርትራዊ ዜጋን ወይ ኣይ መንእሰይን” እዩ ዝብሃል። ዝኾነ ኤርትራዊ ቁልዓ ተመሃራይ መጀመርታ ይኸውን መዋእለ ህጻናት ናብ ሳዋ ዝመጽእ ዘርያ ይፈልጥ እዩ። ንሱ እናተመሃረ ሳዋ ክይመጽእ ክይትዕጾ እዩ ዝሰግእ። እዚ ኤርትራዊ ስሉሓስብ'ዚ ኣብቲ መንእሰይ ምህላው ቀሊል ኣይኮነን። በዚ እያ ድማ ኩሉ ግዜ እዚ ሃገር'ዚ ዕድለኛ'ዩ ዝበሎ።

**- ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ'ዚ መንእሰይ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓት ከመይ ምዝምዛሞ፧**

ሳዋ መንእሰይ ትምልምልን ተንቅሕን ኣላ። ኣብ'ዚ መንእሰይ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓት ዘኹርዕ እዩ። ሓደ መንእሰይ ንሱ ከይከደ ሳዋ ከይትዕጾ ዝፈርሕ እንተ ደኣ ኣሎ፡ ንሳዋ ንስለ ምብጻሕ ኣሉ ኣይኮነን። ከም ዝቐደሙ ኣሕዋቱ ክቕስሞ ዝግበኦ ነገራት ክቕስም ይደሊ ስለ ዘሎ እዩ። እዚ ዓይነት ባህግን ህንጥዩትን ኣብቲ መንእሰይ ከተሐድር እንከለኻ፡ ሳዋ እንታይ ምኳና እንታይ'ዩ ኣበርክቶኣ ኣብ ሃገራዊ ህንጸት፡ መደባት ልምዓትን ትምህርትን፡ ኣብ ሰላምን ሓድነትን እንድሕር ኢልና፡ በዚ ደረጃ እዚ ክንገልጾ ንኽእል ኢና። እቶም መንእሰያት'ውን ባዕሎም'ኮ ‘ንኤርትራ ኣብ ሳዋ ረኺብናያ’ እዮም ዝበሉ።



# ጸጋታት ባሕሪ

## ባህርያት ስርዓት-መፍረ ሻርክ (ፐቾካ)

ተስፋሂወት ኣምባሳጀር

ሻርክ ስነ-ህይወታዊ ኣቃውማኡ ምስ ዓሳታት ዝምደብ እንስሳ ባሕሪ እዩ። ሻርክ ናይ ሓባር መጸውዒ ኮይኑ፡ ንብዙሓት ዓሌታት ዓሳ ይውክል። ንኣብነት ወከፍ ዓሌታት ሻርክ ስነ-ፍልጠታዊ ስም ወይ ላቲን ስም ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣሰያይማ ክህልዎም ከሎ፡ ብተወሳኺ ዓሌታት ሻርክ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ዓለም በብኸባቢኡ ዝወሃቦም ዝተፈላለየ ናይ ኣከባቢ ስያመ ኣለዎም። ኣብ ሃገርና ንዓሌታት ሻርክ ዝውክል ናይ ሓባር ስም ፐቾካ ወይ ሻርክ ክበሃል ከሎ፡ ንገለ ዓሌታት ሻርክ'ውን ነናቶም ስም ይወሃቦም።

ኣብ ዓለም ኣስታት 500 ዓሌታት ሻርክ ክህልዉ ከለዉ፡ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ኣስታት 29 ዓሌታት ከም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ መጽናዕቲ ኣብ ማያት ኤርትራ ኣስታት 19 ዓሌታት ሻርክ ይለለዩ'ምበር፡ ምስ ቀጻሊ ዝሰፍሐን ዝዕምቖን መጽናዕቲ ዝኾየድ ኣሃዝ ህላወ ዓሌታት ሻርክ ክውሰኽ ዝዓበየ ተኽእሎ ኣሎ።

መብዛሕትኦም ዓሌታት ሻርክ ኣብ ባሕሪ ዝነብሩ'ኳ እንተኾኑ፡ ከም ብዓል ቡል ሻርክ (bull shark) ተባሂሎም ዝጽውዑ ዓሌታት ሻርክ ግን፡ ኣብ ማይ ጥዑምን ባሕርን ይነብሩ። እዞም ኣብ ጥዑም ማይ ዝነብሩ ዓሌታት ብፍላይ ዝበሃል ህዋስ የስተንፍሱ። ሻርክ ኣገዳሲ ኣገራምን ሰሓብን ቅርጻን ባዮሎጂካዊ ባህርያትን ዘውንኡ ዓሳታት እዮም። ንሎሚ ካብ ስነ-ህይወታዊ ባህርያትን ቅርጻን ሻርክ ንባህርያት ስርዓት-መፍረ ሻርክ ክንድህስስ ኢና።

ዝበዝሐ ኣካላት ሻርክ ብስጋ ዝተዓብለለ ኮይኑ ብቖርጠምጠማ ዝቖመ ዓንዲ-ሕቖ ኣስከሬን ይውንኑ። ሻርክ ንፋሪት ዝመስል ቅርጺ ኣካላት ዘውንኑ ኮይኖም፡ ዝተፈላለዩ ቅርጺ ዘለዎም ክንፍታት ወይ መንገብገብ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ኣካላቶም ይርከቡ። እዞም ክንፍታት እዚኣቶም ከምቲ ዝተፈላለየ ቅርጻን ኣቃውማን ዘውንኡ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይ ሻርክ ዝተፈላለየ ጥቕሚ ኣለዎም። እቶም ኣብ ቅድሚት ዝርከቡ ክንፍታት ንምዝናዊ ኣቃውማ ኣካላት ሻርክ ንምሕላው ኣብ ማይ ክሕግዝዎ ከለው፡ እቲ ኣብ ድሕሪት ዝርከብ ንቕርጺ ጭራ ነፋሪት ዝመሳሰል ክንፊ ከኣ፡ ንመሐንበሲ የገልግል።

ብዓቢኡ ሻርክ ልክዕ ከም ነፋሪት ቅርጺ ኣካላት ብምውናኑ ኣብ ዝሕምብሰሉን ዝሳግመሉን ግዜ ንድሕሪት ንዘመልስ ሓይሊ ፍሕፍሐ ማይ ብምጭዳድን ምጉዳልን ንቕድሚት ብዙሓሽ ፍጥነት ንኽሕምብስ ይሕግዞ። ኣካላዊ ቁመትን ግዝፍን ዓሌታት ሻርክ ካብ ዓሌት ናብ ዓሌት ይፈላለዩ። እቲ ዝነውሐን ዝገዘፈን ዓሌት ሻርክ ዌል ሻርክ ዝበሃል ኮይኑ፡ ክሳብ 12 ሜትሮ ዝበጽሕ ቁመት ክህልዎ ከሎ፡ እቲ ዝንኣሰን ዝሓጸረን ኣካላዊ ቁመት ዘለዎ ከኣ፡ ክሳብ 17 ሰንቲ ሜተር ዝበጽሕ ዓሌት ሻርክ ላንተርን ሻርክ (ድንኪ) (lantern shark) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ዓሌታት ሻርክ ካብቶም ንዊሕ ዓመታት ዝነበሩን ደንጉዮም ኣብ ጉርዝውና ዝበጽሑን ዓሳታት እዮም። ዓሌታት ሻርክ ምስ ካልኦት ዓሌታት ዓሳ ክነጻጸሩ ከለዉ፡ ኣገዳሲ ምዕቡልን ዝተሓላለኸን ስርዓት-መፍረ ኣለዎም። ሻርክ ኣብ ስርዓት መፍረ ዘለዎም ባህሪ ካብ ዓሌት ናብ ዓሌት ይፈላለዩ። ብሓፈሻ መብዛሕትኦም ዓሌታት ሻርክ ዘይከም ካልኦት ዓሌታት ዓሳ፡ ብጾታዊ ርክብ ክፋረዩ ከለዉ፡ ገለ ውሑዳት ዓሌታት ግን ብዘይ ጾታዊ ርክብ ይፋረዩ። እቶም ብጾታዊ ርክብ ዝፋረዩ ሻርክ ናይ ተባዕታይን ኣንስታይን ዘርኢ ኣብ ውሽጢ ኣካል ናይታ ኣንስተይቲ ብምርኻብ ድቂ ክፍጠር ከሎ፡ ኣብቶም ብዘይ ጾታዊ ርክብ ዝፋረዩ ውሑዳት ዓሌታት ሻርክ ግን ኣንስታይን ተባዕታይን ዘርኦም ናብ ማያዊ ኣካል ባሕሪ ብምፍሳስ ምርኻብ ዘርእታት፡ ምፍጣርን ምምዕባልን ድቂ ካብ ኣካል ኣንስተይቲ ዓሳ ወጻኢ ኣብ ባሕሪ ይኻየድ።


ሻርክ ኣብ ትውልደሉ ዝበረት ዝተወስደ ስእሊ

ኣብ ግዜ ወሲብ ሻርክ ካብ ተባዕታይ ዘርኢ ናብ ውሽጢ ኣካል መፍረ ኣንስተይቲ "ብክላስፐር" ዝበሃል ተባዕታዊ ህዋስ ኣካል ይሰጋገር። እዚ ተባዕታዊ ህዋስ ኣካል ክላስፐር ዝበሃል ምስ ግርዝውናን ምቅርራብ ግዜ ወሲብን ዝያዳ እናዓበየ ይኸይድ።

እዞም ብጾታዊ ርክብ ዝፋረዩ ዓሌታት ሻርክ ብኣማዓብላ ድቂ ኣብ ሰለስተ ምድብ ዝኽፈሉ ኮይኖም፡ ነፍሰ-ጾር (viviparous)፡ ውስጠ ጫጭሒ (ovoviviparours) ከምኡ እውን፡ ብእንቋቑሖ ዝፋረዩ (oviparous) ተባሂሎም ይጽውዑ።

ነፍሰ-ጾር (viviparous) ሻርክ ዘርእታት ተባዕታይን ኣንስታይን ኣብ ውሽጢ ኣካል ኣደ ወይ ኣንስተይቲ ሻርክ ተራኺቦም ድቂ ይፈጥሩ። እቲ ድቂ ክሳብ ዝውለድ ኣብ ውሽጢ ማህጸን ኣደ ይዓቢ። እቲ ዝተፈጥረ ድቂ ብቐጥታ ምስ ኣደ ርክብ ስለ ዘለዎ ካብ ሰራውር ደም ኣደ ዝድለዮ መግብን ኦክስጅንን ክረክብ ከሎ ዘየድልዮ ነገራት ናብ ሰራውር ኣደ ይምለስ።

ንኣብነት መቖረን ሻርክ (Hammerhead Sharks)፡ ቡል ሻርክ (bull sharks)፡ ለሞን ሻርክ (lemon sharks)ን ካልኦትን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ውስጠ ጫጭሒ (ovoviparours) ዝበሃሉ ዓሌት ሻርክ ዘርእታት ተባዕታይን ኣንስታይን ኣብ ውሽጢ ማህጸን ኣደ ብምርኻብ ድቂ ይፈጥሩ። እቲ ዝተፈጥረ ድቂ ልክዕ ከም እንቋቑሖ ቅርጺ ሒዙ ኣብ ውሽጢ ኣካል ኣደ ይዓቢ። ይኹን'ምበር እቲ ዝዓቢ ድቂ ምስ ኣደ ዝኾነ ርክብ የብሉን።

እዚ ድቂ ካብቲ ኣብ ውሽጢ እንቋቑሖ ዝርከብ ብጫ ከቢብ ክፋል እናተመገበ ክሳብ ዝውለድ ይዓቢ። እዚ ድቂ ናይ ምዕባይ ግዜኡ ምስ ወድአ፡ ነታ ዝዓበየላ እንቋቑሖ ሰይሩ ብምጭጫሕ ኣብ ውሽጢ ኣዲኡ ንዝተወሰነ ግዜ ክሳብ ቁሩብ ዝጉብዘ ጸኒሑ ይውለድ።

ገለ ኣብነት ናይ ውስጠ-ጫጭሒ ዓሌታት ሻርክ፡ ዓባይቲ ጻዕዳ ሻርክ (Great white sharks)፡ ኑብራዊ ሻርክ (Tiger sharks)፡ ዌል ሻርክ (whale sharks) ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ከም ሆርን ሻርክ (Horn sharks)፡ ሰወል ሻርክ (swell sharks)፡ ድሙ ሻርክ (cat sharks) ዝኣመሰሉ ወለድቲ እንቋቑሖ (oviparous) ሻርክ ድቂ ኣብ ውሽጢ ኣካል ኣደ ተፈጢሩ ብድሕሪኡ ከም እንቋቑሖ ናብ ደገ ማያዊ ኣካል ባሕሪ ይውለድ። ንዝተወሰነ ግዜ እቲ ድቂ ክሳብ ዝምዕበል ኣብ ባሕሪ ይጸንሕ'ሞ፡ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ይጫጩሕ።

ምልኣ ግዜ ናይ ሻርክ ካብ ዓሌት ናብ ዓሌት ዝተፈላለየ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ 9 ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ይበጽሕ። ብዝሒ ዝወልድዎም ዕሸላት'ውን፡ ካብ ዓሌት ናብ ዓሌት ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ብሓፈሻ ካብ 2-100 ዕሸላት ከም ዝወልዱ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ይሕብሩ። እዚ ኣሃዝ ናይ ዝውለዱ ሻርክ ምስ ካልኦት ዓሌታት ዓሳ ክነጻጸር ከሎ፡ ውሑድ እዩ።



ካብ ዓሌታት ሻርክ

ዓሌታት ሻርክ ውሑድ ውላድ ብምውላዶም ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ሻርክ ውላዶም ኣብ ምዕባይ ዝያዳ ክንክን ዘርእዩ ዓሳታት ተባሂሎም ዝጽውዑ። ምዕባይ ድቂ ኣብ ውሽጢ ኣካል ኣደ ሓደ ካብ ስትራተጂ ናይ ድሕነት ምውሓስን ምክልኻል ድቂ ካብ ዝተፈላለዩ ሃደንትን ተመጋብትን እንስሳ ባሕሪ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ባሕሪ እቶም ዓበይቲ ዓሳ ንናእሽቱ ብፍላይ ድቂ ክዕብዩን ክውለዱን ከለዉ፡ ስለ ዝሃድንዎምን ስለ ዝምገብዎምን።

ኣብ መብዛሕትኦም ዓሌታት ሻርክ ድቂ ኣብ ውሽጢ ኣካል ኣደ ዓብዩ ምስ ኣኸለ ኀቢዙ ስለ ዝውለድ ዝያዳ ዕድል ከይተሃደነ ናይ ምዕባይ ተኽእሎ ኣለዎ። ይኹን'ምበር፡ ንኣሽቱ ሻርክ ስግኦም ልሱሉስን ምቁርን ስለ ዝኾነ፡ ብገፊፍቲ ዓሳ ንመዓልታዊ መግቦም ዝያደ ተባህጉቲ እዮም። ብሓፈሻ ዓወትን ስርዓት-መፍረ ዓሳታት ብዝተፈላለዩ ረቛሒታት ከም እኹል ግዜ መጻምድቲ ንምርካብ፡ ህላወ እኹል መግቢ፡ ኩነታት ሙቐት ማይ ባሕሪ፡ መጠን ዕብየት ዓሳ ይጽሎ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልጸ ሻርክ ካብቶም ውሑድ ውላድ ዝወልዱ ዓሌታት ዓሳታት እዮም። ብዘይመጠን ምስ ዝግፈፉ ቀጻርሮም ናብ ኣሰጋኢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ ደረጃ ምጽናትውን ክበጽሑ ተኽእሎታት ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣብዞም ዓሌታት ዓሳታት ዘተኮረ ፍሉይ መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ኣብ ምዕቃቦም ዘተኮረ ምሕደራዊ ውጥን ብምድላው ኣብ ዓመት መጠን ክግፈፍ ዘለዎ ዓቐን ብምውሳን ኣብ ምስራሕ ይርከብ። መጻኢ ወለዶ ኣብ ግምት ዘእተወ ዘላቒ ዝኾነ ምዝመዛ ጸጋታት ባሕሪና ንረብሓ ህዝብናን ቀጠባዊ ዕብየት ሃገርና ምውሓስን ቀዳምነት ብምሃብ ክስርሓሉ ዘለዎ መደብ እዩ።


እንቋቑሖ ናይ ሻርክ

ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳለ ዓምዲ

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

KERKEBET MINING SHARE COMPANY
Add: St. 1A-174 House No.41 THETERAT Asmara, Eritrea.
P.O.BOX 9258 Tel: 00291-112600 or 00291-120829
KMSC

# Vacancy announcement

**Kerkebet mining share company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:**

1. **Position: PROJECT COORDINATOR – STRUCTURAL/ MECHANICAL/PIPING**

   **Number Required:** **1 (one)**

   **Place of work:** **Mier Gold Project site**

   **Type of contract** **Indefinite**

   **Salary:** **As per the company salary scale**

Kerkebet Mining Share Company (KMSC) is developing the world-class Mier Gold Project in Eritrea and is seeking a Project Coordinator – Structural/Mechanical/Piping with construction project supervision experience to coordinate and oversee these disciplines on this greenfield gold CIL construction project.

**Primary Purpose:**

Based on site at Kerkebet Mine, you will coordinate and supervise structural steel, mechanical equipment and piping construction activities, monitoring EPC contractor performance and ensuring works are delivered safely, to quality standards and on schedule. Reporting to the Senior Project Engineer, you will be hands-on across active construction fronts.

**Main Function:**

- Coordinate and supervise structural, mechanical and piping construction activities on site
- Monitor EPC contractor and subcontractor performance against schedules, specifications and quality requirements
- Provide onsite quality assurance for structural steel erection, mechanical equipment installation and piping works
- Participate in daily and weekly construction coordination meetings, providing progress updates and identifying constraints
- Verify contractor progress claims for structural, mechanical and piping works
- Identify potential variations arising from site conditions or design changes and escalate promptly
- Monitor quality of works against approved drawings, specifications and inspection and test plans
- Ensure HSE compliance on assigned construction fronts and participate in risk assessments
- Maintain accurate daily records of construction activities and progress

**Requirements and technical Skills:**

- Diploma or bachelor's degree in Mechanical Engineering, Construction Management or related discipline
- Minimum 7 years' experience in structural, mechanical and/or piping construction, including at least 3 years in a supervisory or coordination role
- Demonstrated experience supervising EPC contractor works on mining, process plant or heavy industrial projects
- Strong ability to read and interpret engineering drawings and specifications
- Experience with construction quality management and inspection and test plans
- Experience in remote site environments is highly regarded
- Strong communication, coordination and problem-solving skills
- Fluency in English is essential

If you are an experienced construction coordinator with strong structural, mechanical and piping supervision experience on EPC projects, we invite you to apply by submitting your CV and a brief cover letter outlining your relevant experience.

2. **Position:** **HR OFFICER**

   **Number Required:** **1 (one)**

   **Place of work:** **Mier Gold Project site**

   **Type of contract** **Indefinite**

   **Salary:** **As per the company salary scale**

Kerkebet Mining Share Company (KMSC) is developing the world-class Mier Gold Project in Eritrea and is seeking an HR Officer to deliver effective day-to-day HR administration and support the HR Supervisor in managing people functions on this greenfield gold CIL construction project.

**Primary Purpose**

Based on site at Kerkebet Mine, you will maintain accurate personnel records, coordinate employee onboarding, manage attendance and leave records, support recruitment activities and deliver responsive HR administration services to the project workforce. Reporting to the HR Supervisor, you will be an important point of contact for employee HR queries and support a positive, respectful and high-performance workplace.

**Main Function:**

- Maintain complete and accurate employee personnel files, contracts, variations and HR records
- Administer and maintain attendance and leave records for all national project employees
- Coordinate onboarding logistics for new employees including documentation, site induction scheduling and orientation
- Support recruitment activities including job advertising, application screening and interview coordination
- Coordinate training logistics including scheduling, attendance records and training certificates
- Prepare HR correspondence including employment letters, leave approvals and HR notices
- Respond to employee HR queries on leave, attendance and personnel records
- Support administration of pre-employment medicals, site inductions and HSE training records
- Assist with HR reporting and data preparation for the HR Supervisor and management
- Ensure local employee records comply with Eritrean employment law and KMSC HR policies

**Technical Skills and requirements:**

- Diploma or bachelor's degree in Human Resources Management, Business Administration or related discipline
- Minimum 5 years' experience in HR administration or HR officer roles
- Demonstrated experience maintaining employee records, coordinating onboarding and managing leave administration
- Experience supporting recruitment activities including job advertising and interview coordination
- Strong organisational skills, attention to detail and confidentiality
- Proficiency in Microsoft Office Suite; experience with HR information systems desirable
- Experience in mining, construction or heavy industry environments is highly regarded
- Fluency in English is essential

If you are an organised and detail-oriented HR professional with a genuine commitment to people and a high standard of confidentiality, we invite you to apply by submitting your CV and a brief cover letter outlining your relevant experience.

3. **Position:** **PROCUREMENT SUPERVISOR**

CONTINUED TO PAGE 7

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 6

| | |
|---|---|
| **Number Required:** | **1 (one)** |
| **Place of work:** | **Mier Gold Project site** |
| **Type of contract** | **Indefinite** |
| **Salary:** | **As per the company salary scale** |

Kerkebet Mining Share Company (KMSC) is developing the world-class Mier Gold Project in Eritrea and is seeking an experienced Procurement Supervisor to lead all procurement and logistics functions on this greenfield gold CIL construction project.

**Primary Purpose:**

Based on site at Kerkebet Mine, you will lead the procurement function, supervising the Procurement Officer and Logistics Officer and managing all purchasing, tendering, vendor management and site logistics activities. Reporting to the Finance & Admin Superintendent, you will develop and implement procurement strategies that deliver competitive value, supply security and full compliance with KMSC procurement policies.

**Main Functions**

- Develop and implement a project procurement plan aligned with the construction schedule
- Manage the full tender process for goods and services, including tender documents, bid evaluation and award recommendation
- Supervise and develop the Procurement Officer and Logistics Officer
- Administer contracts for goods and services, monitoring supplier performance against agreed terms
- Maintain the approved vendor list and manage vendor registration and evaluation processes
- Negotiate competitive pricing, delivery terms and commercial conditions with vendors and suppliers
- Maintain an up-to-date procurement tracker covering all active purchase orders, tenders and contracts
- Ensure procurement activities comply with KMSC delegation of authority and approval requirements
- Support local procurement initiatives and sourcing from Eritrean businesses where practical
- Provide procurement status updates and reporting to the Finance & Admin Superintendent

**Technical Skills and Requirements:**

- Bachelor's degree in Supply Chain Management, Business Administration, Commerce or related discipline
- Minimum 7 years' experience in procurement or supply chain roles, including at least 3 years in a supervisory position
- Demonstrated experience managing tender processes, contract administration and vendor performance
- Experience with international procurement, freight forwarding and customs clearance
- Strong negotiation skills and commercial acumen
- Experience in the mining, construction or heavy industrial sector is highly regarded
- Experience in remote site environments is highly regarded
- Fluency in English is essential

If you are an experienced procurement professional with strong leadership skills and a proven track record delivering procurement and supply chain outcomes on complex projects, we invite you to apply by submitting your CV and a brief cover letter outlining your relevant experience.

**What we offer**

- Competitive salary aligned with local market conditions for national positions
- On-site accommodation and meals at the Kerkebet Mine camp
- Transport arrangements between site and point of hire
- Opportunity to contribute to a landmark gold development project
- A collaborative, values-driven culture with strong focus on safety, integrity and community

**Additional requirement for nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your national Identity Card etc.
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview
- Application documents will not be returned to sender
- All applications should be sent through the post office
- Deadline for application 10 days from the day of publication in the newspaper

**Address: Please mail your application to:**

Kerkebet Mining Share Company
P. O. Box 9258
Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to:

Aliens Employment permits Affair
P. O. Box 7940
Asmara Eritrea

Mineral Resources Management
P. O. Box 272
Asmara, Eritrea

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዞርያስ መድሃኔ መንግስቱ፡ ኣቦይ መድሃኔ መንግስቱ፡ ክፍለ ስላዝዮረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኤልያስ ኣደም መሓመድ፡ ምባል ተሪፉ፡ ተሰፈት ጉብረዝጊኣበሄር ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ከምኡ'ውን ስም ኣደይ መርየም ዓሊ ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ጸገ ዓንደማስቀል ተሰፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ት/ዕድመ ዊንታ መሓሪ ወሃብ ምባል ተሪፉ፡ ዊንታ መሓመድ ሓሰን ወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ የማነ ስዩም ባህታ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዑስማን ዓብዱ እድሪሱ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጉብረመድህን ዑ/ገርግስ ተኽሉ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃለይ ዑቕባገርግስ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ መሓመድ ኢብራሂም ሸሪፍ ኣልሓሰን፡ ወላዲተይ መርየም ኣደም ኢብራሂም መዋቲት ስለ ዝኾነት፡ ሰይቲ ኣቦይ ወ/ሮ ሓሊማ ሓጂ ኣልኣሚን ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ከምኡ'ውን መርየም ኣደም ኢብራሂም ዝወለደትና 5 ኣሕዋት ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣነ ኣመልካቲት ተባሂለ ስመይን ኣድራሻይን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰ ዘለኹ፡ ዋንነት ነፍ/ ኣሕመድ ኢብራሂም ዑመር ዝኾነ ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ዞባ 08 ቁ/ገዛ 393 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 110564 መወከሲ ቁጽሪ ሰነድ፡ 129771 129770 ብስም ነፍ/ ኣሕመድ ኢብራሂም ዑመር ተመዝጊቡ ዘሎ ዋንነት ገዛ ናብ ስም ንሕና ወረስቲ ማለት ወ/ሮ ሶግራ ኣሕመድ ኢብራሂም፡ ዛህራ ኣሕመድ ኢብራሂም፡ ዘይነብ ኣሕመድ ኢብራሂም፡ መዲና ኣሕመድ ኢብራሂም፡ ኣቶ ሰራጅ ኣሕመድ ኢብራሂም ክሰጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ ናብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ትእዛዝ ወይ ውሳኔ/ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ፡ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡ እንተዘይለ ግን ናብ ስምና ከነመሓላልፎ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ሶግራ ኣሕመድ ኢብራሂም

# ካብ መጻሕፍቲ

## ኩብላሊ
## ኣብ ኣስመራን ዓድታት ኤርትራን

ተስፋይ እስቲፋኖስ

ኣቦ'ቲ ብዮገመ ዝተዓፈነ ኣጸቢቡ፡ እግርኻ ዘቖርጽ ኣሱሓይታ፡ ሓጺር ስረን ዝተሰጋዐበ ጎልፎን ለቢሱ'ካ ብዚይ ጫማ ኣብ ጐልጎል ጎልፍ ናይ ግዛ ኽሉኛ ቤት መኻእ ኩሉል ክትብል ዘይውሓጠልካ መሪር እዩ ዝነበረ።

ኣነ ተስፋይ እስቲፋኖስ፡ ብ1940 ኣብ ኣስመራ - ደባዚቶ እየ ተወሊደ። እወ ኣብ ኣስመራ! ኣብ'ታ ደረስቲ ዝዘየሙላ፡ ዝደረፉላ፡ ኣውሎ ዝበሉላ፡ ግዜኣቲ ዝተሓገሱላ፡ ደቀባት ብምኽንያት ስእነት መሰልን ስራሕን፡ "ማርያም ተለመኒ'የ ማርያም ተለመኒ'የ፡ ኀበዘ ይጉበዕ ኣሎ ኣብ ማርቻፕዲ ኮይኑ'ዩ" ኢሎም ዝቖዘሙላ ርእሰከተማ እንገፈትዋ ኤርትራና!

ደባዚቶ ብቋንቋ ጥልያን ኮይኑ፡ ኑቲ ኣብኡ ንመዕቆቢ ተሰሪሑ ዝነበረ ንብረት ዝቐመጠሉ መኻዚኖታት ዝገልጽ ስም እዩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን፡ ደባዚቶ ብኣጓዱ ዝተደኮነ ግዘውቲ'ኳ እንተ ነበረ፡ ቁሩብ መረብበ'ውን ነይሩዎ'ዩ። እቶም ብኮራብኒረ ዝፍለጡ ናይ ግዜኡ ጥልያን ወተሃደራት ዝቐመጡሉን ኣብ መኽዘናት፡ ከም'ኡ'ውን ምስኡ ኣብ ዝተሓሓዝ ካልእ ናይ መንግስቲ ስራሓት ዝሰርሑሉን ሰፈር እዩ ነይሩ። ኣቦይ ወላደየይ፡ ካራብኒረ (ወተሃደር ፖሊስ) ስለ ዝነበረን ስራሑ ምስቲ መኻዚኖታት ስለ ዝተኣሳሰረ፡ ኣብ ደባዚቶ ግዛ ተዋሂቡ እንክሎ ተመርዕዩ ሓዳር ማስሪቱ። ኣነ ከኣ፡ ኣብኡ ተወሊደ። እንተ'ኾነ፡ ኣብ ደባዚቶ ደኣ ይወለድ እምበር ክርስትና ዝተጠመቕኩሉ ዓድስ ሸማንገለስ ታሕታይ ዝበሃል ዓዲ ዓቦይ - ኣደ ኣቦይን ዓዲ ክልተ ሓወቦታተይን ሓንቲ ኣሞይን እዩ።

ሸማንገለስ ታሕታይ፡ ብመገዲ ከረን - ሰረጀቓ ሓሊፍካ ንጺጋም ብምዕጻፍ፡ ዓደኮሎም ሰገርካ ዝርከብ ዓዲ እዩ። ኣብ ግዜ ንእስነተይ፡ ብኣእዋምን ቀልቋልን ዝተሸፈኑ፡ ዕፉን ብዘዘዝርኣ ግራውቲ ዝማዕረገ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ብዘበዝሒ ኩብትን ጤለብጊያን'ውን ስለ ዝነበራ፡ ጸብን ጠስምን ዘይፍለዮ ዓዲ ከም ዝነበረ ክሰዕ ሕጂ ካብ ኣእምሮይ ዘይሃስስ ተዘክሮ እዩ።

ሸማንገለስ ታሕታይ፡ እታ ዝፈትዋ ዓባየይን ቤተሰበይን ደኣ ይንበሩዋ እምበር፡ እቲ ኣውራ ኑታ ዓዲ መዘከርያደሲ ኣብ ጥምቀተይ ዝጋጠመ ተኣምር ዝመስል ክስተት ዝፈጠሮ ዛንታ እዩ። ኣነ ክጥመቕ ከሎኹ፡ ንኹሎም ደቂ ዓዲ ዘዘረበን ብዙሓት ሰባት ካብ ጎደቦ ዓድታት ሓቅኩ፡ ንምርግጋጽ ናብ ሸማንገለስ ታሕታይ ዝተመላለሱሉን ዘይርሳዕ ክስተት'ዩ ኣጋጢሙ። ኣቡቲ ረፍዲ፡ ኣብ ሕቑፊ ኣደይ ኮይኑ ካህናትን ኣሰሓይትን ጸሎት እናዕረጉ ከለው፡ ርግቢት ካብቲ ናሕሲ ናይቲ ቤተክርስቲያን በሪራ ብምምጻእ ኣብ ርእሰይ ዓሊባ፡ ንብዙሕ ደቓይቕ ኣብ ርእሰይ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ በሪራ ናብታ ዝነበረታ ተመሊሳ፡ "እዚ ኣገራሚ ፍጻመ'ዩ" ተባሂሉ ድማ፡ ንካህናት፡ ኣሰሓይትን ካልኦት ደቂ ዓድን ንዊሕ ግዜ ኣዛረበ። ዛንታ ኮይኑ ነበረ። ቀዳሞት ኣቦታትን ኣደታትን ሸማንገለስ ታሕታይ ኣመንትን ሰብ መትከልን ስለ ዝነበሩ፡ ዝ. ሳሕቲ ዚጋጥም ክስተት ከም ተኣምር ብምርኣይ ንዊሕ እዋን ኣቡቲ ዓዲ ኣዘንተውዎ። ኑቲ ዓዲ ኣውራ መዘከርያይ ምኽንያት እምበኣር፡ እዚ ዛንታ'ዚ ኣብ ህይወተይ ዝፈጠሮ ጦብላሕታ'ዩ።

ኣብ ዓመት ኣብ ዘይኣሸልከሉ እዋን፡ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ኤውሮጳ ተባርዕ'ሞ፡ ግዜኢ ጥልያንን እቲ ዘይድፈር ዝመስል ፋሽሽታዊ ስርዓቱን ሽው ሽዑ (ኣብ 1941) ብእንግሊዝ ተሳዕረ። ግዜኢ እንግሊዝ ንምልእቲ ኤርትራ ምስ ተቖጻጸረ ከኣ፡ ኣይደንገየን ከሎም እቶም ኣብ ስርዓት ጥልያን ወተሃደራት ካራብኒረ ዝነበሩ ደቀባት፡ ከም ዘለውዎ ናብ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ተሰጋገርም፡ ወተሃደራት ፖሊስ ኮይኖም ክሰርሑ ብኣዋጅ መምርሒ ኣውጽኡ። በዚ ከኣ፡ ብዓል ኣቦይን ከም'ኡ ዝኣመስሉ ካልኦትን ከይደንገዩ ናብ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ፖሊስ እንግሊዝ ተሰጋገሩ። ብባህሪ ስራሕ ፖሊስ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምቕያር ንቡር ስለ ዝኾኑ፡ ኣቦይ'ውን ብትእዛዝ ሓለፍቱ ናብ ማይ ዕዳጋ (ጥቓ ጉረዕ፡ ዓዲ ንፋስን ማይ ሓጻን ዝርከብ ቦታ) ተቐየረ። ብመሰረት ፕሮግራም ሰርጀንት ከኣ፡ ሓላፊ መደበር ፖሊስ ናይቲ ቦታ ኮይኑ ኣብ ስራሕ ተጸምደ። ኣደይ'ውን ከይደንጎየት ንዓይ ሒዛ እግሪ እግሩ ሰዓበቶ።

ማይ ዕዳጋ፡ ከም ኩሉ እቲ ከባቢ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብሓፍሓፋይ ዝተሸፈነን ተበዚሒ ኩሉታት ኣየር ዝነበሮን ሓወሲ ቆላ ኮይኑ እዩ ጸኒሑና። ንፋሽሽቲ መንግስቲ ጥልያን ካብ ኤርትራ ብሓይሊ ከውጽኡ ኢሎም ዝኣተዉ ብዙሓት ወተሃደራት እንግሊዝ፡ ዓሰከርም ሱዳናውያን፡ ኣመሪካውያንን ጠልጣል ዝበሃሉ ኬንያውያንን ድማ፡ ኣብ ጥቓ ማይ ዕዳጋ ኣብ ዝርከብ ጉረዕ ዝበሃል ዓዲ ዓስከሮምን የዕቝሊቖምን ነበሩ። እዚ፡ ንማይ ዕዳጋ ጽቡቕ ዕድል ዝፈጥር ኮይኑ፡ ኣብ ንግዲ ዝተዋፈሩ ነጋዶን ዓደግትን ብብዝሒ ናብ ዝንቀሳቐሱላ ሓወሲ ንእሽቶይ ከተማ ተለዊጣ ነበረት። እንዳ ሰዋታትን እንዳ ኾማርን'ውን ብብዝሒ ነበራ። ኣብ ጽቡቕ ቀጠባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን'ዩ እምበኣር፡ ኣብታ ዓዲ ዘደንቕን ማንም ዘይተጸበዮን ሕማቕ ክስተት ዚጋጠመ።

እቶም ዓስከር እንግሊዝ ዝኾኑ ሱዳናውያን፡ ሓደ መዓልቲ ካብ መዓስከሮም መጺኦም ኣብዚን እንዳ ኾማሮ ቁማር እናተጻወቱ ከለዉ፡ ብዘጋጠመ እምባጓር፡ ሓደ ሱዳናዊ ብደቂ ዓዲ ተሃሪሙ ቆሰለ። ብድሕሪዚ፡ ምስ ደሙ ናብ መዓስከሩ ተመሊሱ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ማይ ዕዳጋ ሓደገኛ መጥቃዕቲ ንምፍጻም ከም'ኡ ሱዳናውያንን ኬንያውያንን ወተሃደራት ወዲቡ ክንቀሳቐስ ጀመረ። እንተ ኾነ ኣቡቲ ናታቶም መዓስከር ዝሰርሕ ዝነበረ ሓደ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ኑቲ ብሰንጃታትን ኽሞታትን ዝተሰነየ ሓደገኛ ምንቅስቓስ ሱዳናውያን ምስ ተዓዘበ፡ ብቐጥታ ናብ መደበር ፖሊስ ማይ ዕዳጋ መጺኡ ነገሩ ሓበሮ።

ኣቦይ፡ ሓላፊ ናይቲ መደበር ፖሊስ ብምኳኑ፡ ኩሉታት ናብ ዝኸፍአ ኩድኩድ እንክሎ ምስ መሰርሕቲ ተማሻሩ ንሰርጀንት ዐሶማን ዝበሃሉ ጸውዓም። በቲ ቁሩብ ናይ ቋንቋ ዓረብ ክእለቶም፡ ምስቶም ሱዳናውያን ተረዳዲኦም ኑቲ ዘንጸላሉ ዝበረ ሕማቕ ኩሉታት ከህድኡዎ ብዮገለት ድማ ንሽምግልና ናብቲ መዓስከር ለኣኽዎም። እንተ'ኾነ፡ እቶም ሱዳናውያን ንሰርጀንት ዐሶማን ንሕሰያ ብዘይብሉ ኣገባብ ወቒዖም ጎድኡዎም እሞ ተጸየርም ኣብቲ መደበር ፖሊስ ምስ በጽሑ ህይወቶም ሓለፈት።

ብቐትለት ሰርጀንት ዐሶማን ኣዝዩ ዝጉሃየ ኣቦይ፡ ስልጣኑ ተጠቒሙ'ን ብመሰረትቲ ተሓጊዙ'ን ኑ'ን ዝነበራኦ ውሑዳት ብረት ካብ መኽዘን ኣውጺኡ፡ ኑቶም ብረት ዘይብሎም መሰረሕቲ ፖሊስ ዓደሎም። ኩሎም ተቐማጦ ማይ ዕዳጋ ድማ፡ ካብ ዘዩደሊ ምንቅስቓስ ክቖጠቡ'ን ዘለዎም መሰርሒታት ኩናት ዓጢቖም ኣብ ጎደኒ ፖሊስ ብምስላፍ ሱዳናውያን ናብ ማይ ዕዳጋ ንከይኣትዉ ክከላኸሉን ህጹጽ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ንዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ኣኪቡ፡ ናብቲ ኣብ ጉረዕ ዝርከብ መዓስከር እንግሊዛውያን ከይዶም ናይ ርድኢና ኣውያቶም ከስምዑ ሓበሮም።

ብኣውያት እቶም መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ዝተንበዱ ጸዓዱ እንግሊዛውያን፡ ብቐጻበት ናብ ማይ ዕዳጋ መጺኦም ኩሉታት ምስ ተዓዘቡ፡ ኑቶም ሱዳናውያን ንጠልጣል ኬንያውያንን ኣከቦም ክሳዕ ካልእ ትእዛዝ ዝወሃቦም ካብ መዓስከሮም ተንኪስ ኢሎም ከይወጽኡ ትእዛዝ ኣመሓላለፉሎምን ጸዓዱ ተቖጻጸርቲ ገበሩሎምን። ብድሕሪዚ፡ እቶም ኣፍሪቃውያን ዓስከር፡ በቲ ትእዛዝ እናዕዘምዘሙ፡ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ማይ ዕዳጋ ድማ እናሓንሓኑን እናጉብዕበዑን ናብ መዓስከሮም ተመልሱ። ኣብ መዓስከሮም ኮይኖም'ውን ኑቲ ፈኸራን ታህዲድን ኣየቋረጹዎን።

ሰሩይ መዓልቲ ንግደት ናይ ዓዲ ንፋስ (ጎደቦ ማይ ዕዳጋ) እዩ ዝነበረ። ኣቦይ፡ ህዝቢ ክግደድ ኢሉ ኣብ ዓዲ ንፋስ ተኣኻኺቡ እንከሎ፡ እቶም ሕነ ክፈድዩ ፈንፈን ዝበሉ ዝነበሩ ወተሃደራት ካብ መዓስከሮም ፈንጺጎም ከይወጽኡን ኣብ ልዕሊ'ቲ ህዝቢ ሓደጋ ከየውርዱን ሻቕሎት ኣሕደረሉ። በዚ ከኣ፡ ንግብዪቲ ዓዲ ንፋስ ጸዊዑ፡ እታ ዕለት ክሳዕ ትሓልፍ ንድሕሪቶም ክበሉ ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩን ፈጺሞም ከይግርህዎን ኣተሓሳሰቦም።

ኣቦይ፡ ጸብጸብ ናይቲ ኣብ ማይ ዕዳጋ ዘጋጠመ ኩሉታትን ጥርዓን ቅትለት ናይ ፖሊስ ሰርጀንት ዐሶማንን ብመገዲ ሓለፍቱ ኤርትራውያን ኣቢሉ ናብ እንግሊዛውያን ኣብጽሖ። ቤት ጽሕፈት ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ "ነጊንዮ ንክታተሎን ኣሎና" እናበሉ ጸኒሖም፡ ድሕሪ ክልተ ወርሒ፡ "ነቶም ኣብቲ እምባጓሮ ዝተሳተፉ ሱዳናውያንን ነቶም ብቕትለት ሰርጀንት ዐሶማን ዝተኸሰሱ ጥርጡራትን ናብ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ እንግሊዝ ኬንያ ክንስዶም ኢና" ኢሎም ሓበሩ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልትታት ከኣ፡ ብሓደ እንግሊዛዊ ጸዕዳ ዝምርሑ ፖሊስ ናብ ማይ ዕዳጋ መጺኦም ነቦይን በራኺ ንዝበሃሉ መሳርሕቱ ፖሊስን፡ "ብትእዛዝ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ፡ ክሳት ስለዘኾነኩም ክትእሰሩ ኢኹም" ብምባል ኣሲሮም ናብ ኣስመራ ወሰዱዎም። ሽዑ እየ እምበኣር፡ ኣደይ ንዓይ ሒዛ ናብ ሰድራኣ - ናብ ግዛ ጥንዳ ሓብሻ (ኣስመራ) ዝተመልሰትን ኩሉታት ኣቦይ ንኽትከታተል ሳዕልን ታሕትን ትብል ዝነበረትን።

ኣደይ፡ ብዙሕ ሳዕልን ታሕትን ድሕሪ ምባሉ፡ ኣቦይ ናይ ግዜኡ ርእሱ ስልጣን ተጠቒሙ ብረት ንመሰረሕቲ ፖሊስ ምዕዳሉን ህዝቢ ማይ ዕዳጋን ዓዲ ንፋስን ዝሓዘ ሓዙ ኣብ ጉደኒ ፖሊስ ኮይኑ ካብ ሓደጋ ክከላኸል ትእዛዝ ምምሕላፉን ከም ዓብይ ገበን ተቖጺሩ፡ ኣቡቲ ናይ መጀመርያ መጋባእያ ክሱብ ንሞት ከፍርዶ ዝኽእል ክሲ ከም ዝተመስረተሉ ፈለጠት። በዚ ከኣ፡ ንስድራቤትና፡ ኣዝማድና፡ ተቐማጦ ማይ ዕዳጋን ዓበይቲ ዓዲ - ዓዲ ንፋስን ነገረት። ኩሎም ሰንቢዶም ገዚዞብ ምስ ኣዋጽኡሉን ካልእ ሓገዙ ምስ ገበሩሉን ከኣ፡ እቲ ሳዕለዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ እንግሊዝ ጠበቓ ክገብሩ ኣፍቀደ። ብደቂ ዓዲ ማይ ዕዳጋን ዓዲ ንፋስን ንዝተዋህበ ቃል ምስክርነት፡ ብኣወራሉ ከኣ ንወጽኣት ናይቲ ብፖሊስ ዝተገብረ መርመራ ኣብ ግምት ኣእትዩ ብዘሕልፎ ውሳነ ማሰሪት፡ ኣቦይ፡ እቲ ከበድን ክሱብ ሞት ዘቐጽዕን ዝነበረ ክሱ ተሳዕለለ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ፡ ካብ ማእሰርቲ ወጸኣ። እንተ'ኾነ ናይ ሰርጀንት መዓርጉ ተቐንጢጡ፡ ካብ ፖሊስ ተረፈተ። ፖሊስ በራኺ ከኣ፡ ብርፍትያ ጥራይ ተገላገለ። ካብ ማእሰርቲ ድሕሪ ምውጽኡ ድማ፡ ሲቪል ኮይኖም ኣብ ናይ መንግስቲ ስራሕ ንቑሩብ ኣዋርሕ ብዘይ ደሞዝ ከገልግሉ ፈረዱዎም።

ስድራይ ከም ዘዘንተውለይ፡ ሰናይ ተግባራት ደቂ ማይ ዕዳጋን ዓዲ ንፋስን ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣቦይን ኣቦይ በራኺን ንምድሓን ድኻሞም ከይጸብጸቡ ታሪኻዊ ናይ ሓቂ ምስክርነት ስለ ዝሃቡ፡ ብሞራልን ንዋትን ብዙሕ ስለ ዘርከቡን ፍርዶም ክቃለል ክኢሉ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ኣነ ንስድራይ ወከለ ከመስግኖም ከሎኹ ዝሰምዒ ናይ ሕልና ዕግበት ወሰን የብሉን።

እንግሊዝ ንሕቶ ናጽነት ኤርትራ ይድግፍን ይቕበሎን ስለዘይነበረ፡ ኑቲ "ኤርትራ ርእሳ ክኢላ ክትመሓደር ኣይትኽእልን እያ" እናበለ ዝገስገሰሉ ዝበረ እከይ ኣጀንዳ ቅቡል ንምግባር፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ሃይማኖታዊ መልክዕ ዘለዎ ገንጺ ንምስዋር ብዙሕ ፈቲኑ፡ ግን፡ ክዕወት ኣይከኣለን፡ ብሳላ ንቕሓት ኤርትራውያን ኩሉ ፈሺሉዎ።

ኣቦይ፡ ቤት ፍርዲ ብዘወሰኖ መሰረት፡ ኣብ ናይ ሲቪል ስራሕ ንኽገልግል ኣብቲ ብእንግሊዛውያን ዝተደኮነ ሓደሽ መጻወቲ ጎልፍ ስራሕ ጀመረ።


ኣቦይ፡ እስቲፋኖስ ተኽለሃይማኖት

ኣብኡ፡ ክልተ ክፍሊ መንበሪ ግዛ (ባራካ) ስለ ዝተዋህቦ፡ ኣነ ድሕሪ ደባዚቶን ማይ ዕዳጋን ሳልሳይ ገዛይ ኣብ ጎልፍ እዩ ነይሩ። ጐላጉል ጎልፍ ብቪላጁ፡ ቤት መኻእን ዓዲ ሶግዶን ዝተኸበ ኮይኑ፡ ስድራይ ከም ዝነገሩኒ - ኣብኡ እየ ደልዳለ ክቡይን ኣፈይ ከጽርን ዝጀመርኩ።

ሓደ መዓልቲ፡ ስድራይ ብህይወት ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ፡ ሓቲተ መልሲ ዘይረኸብኩሉ - ብዘይተረዳእኩዎ ምኽንያት ኣቦይን ኣደይን ይጋራጨዉ። እሞ፡ ኣብ መምለሲ ዘይብሉ ጭሕሲ ብምእታው ኣብ ፍትሕ በጺሖም ይፈላለዩ። ኣዝዩ ሕማቕ ክስተት! ብድሕሪዚ፡ ኣደይ ካብ ግዛ ኣቦይ ሒዛትኒ እንደገና ናብ ግዜኣ - ግዛ ጥንዳ ሓብሻ ተኸይደ። ግዛ ጥንዳ ሓብሻ፡ ምስቲ ዝተወለድኩሉ ናይ ደባዚቶ ግዛ ራብዓይ ገዛይ ይኸውን ኣሎ ማለት'ዩ።

ናይ ግዛ ጥንዳ ሓብሻ ተዘክሮታተይ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ብዘተዋገሪ፡ ሓበሬታ ግን፡ ኣደይ ወይዘር ዝበሃላ ብዓል ቤተን ንሽምባሽ ዝነበሩ ዓሳውርታ፡ ስመይ ካብ ስም ካህናተይ 'ተስፋስላሰ' ናብ 'ተስፋይ' ከም ዝለወጣለይ እፈልጥ። ክሳዕ ሕጂ ከኣ፡ በታ ኣደይ ወይዘር ዝለገሳለይ ስም፡ 'ተስፋይ' ተባሂለ እጽዋዕ ኣሎኹ።

ግዛ ጥንዳ ሓብሻ፡ ኑቶም ቀዳሞት ኣብ ዕስክርና ጥልያን ዝተኻትቡ ጸለምቲ ደቀባት ተባሂሎ ዝተደኮነ ሰፈር ክኾውን እንከሎ፡ ግዛ ጥንዳ ጥልያን ከኣ፡ ጸዓዱ ወተሃደራት ጥልያን ንክሰፍሩዎ ተባሂሉ ዝተደኮነ እዩ። እዚ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ጸለምትን ጸዓዱን ዓቢይ ናይ ዓሌት ምፍልላይ ከም ዝነበረ ዝሕብር እዩ። ግዛ ጥንዳ ሓብሻ፡ ምስ ኣብ ሻውል ብድሕሪት ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ዝተደኮነ ኮይኑ፡ ብዙሓት ወረዛትን ዓበይቲ ስድራቤታትን ኣስመራ ዝቐመጡዎ ብ'ኖም' ዝተማእከለ ሰፍራ እዩ። ኣብ ግዛ ጥንዳ ሓብሻ ዝፈረዩ ብዙሓት ምሁራትን ሓርበኛታት ጀጋኑን ነይሮም እዮም። ኣብ ግዛ ጥንዳ ንቑሩብ ግዜ ድሕሪ ምጽናሐይ፡ ኣቦይ ካልኣይቲ ሰበይቲ የእቱ (ይምርዖ) እሞ፡ ምስ ኣደይን ስድራኣን ብዘዘበሮ ምርድዳእ ማስረት ምስኡ ወሰደኒ።

**ይቕጽል . . .**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

18 ክፋል

## ጽሬት ስራሕ

*“ዕድል ኣብ ቅድመና ጎፉ ክበከና እንከሎ፣ መንገዲ ንረክብ ወይ ምኽኒት ንረክብ፡፡” - ክሪስ ርቢንሰን*

*“ንዋዕ ሽሕ ኪሎ ሜትር፣ ብሓንቲ ስጉምቲ ይጅምር፡፡” - ላኦ ጹ*

ዕወታት ሰባት እወታውያን እየም። ካብ ኣይክኣልን እዩ ክበሎ፣ ይክኣል እዩ ክበሉ ይሰልጦም። ካብ እምቢ ክበሉ፣ ሕራይ ክበሉ የምሕረሎም። ንሰብ ክሕግዙ እምበር፡ ንሰብ ክሕንከሉ ኑበሮም ኣይጉብረሎምን እዩ።

ኣብ እቶም ዕወታት ሰራሕተኛታት ደጋጊማ እትሰማዕ ቃል፡ ‘ሕራይ’ ኢያ። ንሳቶም ‘እወ’ ክበሉ ይመርጹ፣ ካብ ‘ኣይፋል’ ክበሉ።

ሓደ ዓማል ናብ ትካሎም መጺኡ፣ “እዛ ጉዳይ ብህጹጽ ኣድልያትኒ ስለ ዘላ፡ ጸባሕ ክትውድኣለይ ትኽእል ዲኻ” ዝበል ምሕጽንታ እንተ ኣቕሪቡሎም፡ ተቐዲደሞም ገጾም ኣይጸውጉሉን እዮም ወይ ናብ ምጉብዕባዕ ገጾም ከቶ ኣይህንደዱን እዮም።

እቲ ምንታይሲ፡ ንሳቶም ንምንታይ ዕላማ ኣብ እቲ ትካል ከም ዘለዉ ኣዳዕዲዖም ይፈልጡ እዮም። ብዙተኻእሎም መጠን ንምማዊሎም ከገልግሉ ከም ዘለዎም ስለ ዝፈልጡ፣ ኣይፋል ናብ ምባል ኣይህንደዱን እዮም። ንኹሉ ተኽእሎታት ይፍትሹ፣ ንዕኣቶም እቲ ተኽእሎ እንተ ዘይጸሓፉሉም፡ ምስ መሳርሕቶም ወይ ናይ ቀረባ ሓለፍቶም ክመያየጡ ይመርጹ።

ኑታ ጉዳይ ንጸባሒቱ ክውድኡዋ ዝኽእሉ እንተ ኾይናም፡ ክሳብ ክንደይ ንልቢ ዓማሎም ከም ዘረስርሱ ይፈልጡ እዮም። ምኽንያቱ ንዓኣቶም እውን ኣብ ካልእ ትካል ከይዶም፡ ስራሖም ብቕልጡፍ ክሰልጦም እንከሎ ክሳብ ክንደይ ባህታ ከም ዝፈጥረሎም ኣይጠፍኦምን እዩ።

ኑቲ ዓማል ‘ሕራይ’ ዝበል ቃል እንተ ኣሰሚዖምዎ፡ ካብ ቃሎም ኣይፍንተቱን እዮም። ምኽንያቱ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ምኽኒት፡ ክሳብ ክንደይ ንልቢ ዓማል ከቕሰል ከም ዝኽእል ብዙሕ እዮም ዝርድእዎ።

ዕወታት ሰራሕተኛታት ዘይክኣል ጉዳይ እንተ ኾይኑ፡ ምስ ኩሉ መረዳእታታት ኣቕሪቦም፡ ዘይክኣለሉ ምኽንያት ብዕምቈት የረድኡ። ዓማዊሎም ድማ፡ ሰሪሑም ብርእሰሖም ኣውጺኡዋ ኣይብልዎምን እዮም።

ግደ ሕራይ ምባል ኣብ ህይወት ይኹን ኣብ ስራሕ ኣቃሊልካ ዘይርኣ ምዃኑ ግዱ፣ ንኹሎትና ኣብ ናይ መንግስትን ናይ ብሕትን ትካላት ተቖጺርና እንሰርሕ ሰራሕተኛታት ክስቁረና ይግባእ። ሕራይ ምባል ምርጫና እንተ ገይርናዮ፡ ብውሽጥና ከይተረፈ ዘይተጸበናዮ ሓይሊ እዩ ዝሰማዓና። ከም ወጽኢቱ ንዘይክኣል ክሽእል ብዘለኣሉ ዓቕሚ ፋሕተርተር ንበል።

ጃክስ ሽርኑ “ዘይክኣል ዕንቅፋት የለን። ድኹምን ሓያልን ባህጊ ጥራይ እዩ ዘሎ። ኣኸለ!” ኢሉ ነይሩ። ብርግጽ ሓያል ባህጊ ሒዝካ ክትዓምሞ ዘይትኽእል ስራሕ ክህልወካ ኣይክእልን እዩ።

ዕወታት ሰባት ኣብ ስራሖም ቀጻሊ ዕቤት ዘርእዩ ሕራይ ኢሎም ክሰርሑ ልዑል ባህጊ ከም ዘለዎም ክስተብሃለሎም ንኽእል ኢና። ንሳቶም ንህይወት ወሽጣን ወሻጠአን ብእወታዊ መንገዲ እዮም ዘስተማቕሩዋ።

ንሓደ ነገር ንኽትሰርሕ ኣማራጺ እንተ ተዋሂቡካ፣ ብዙተኻእሎካ መጠን ሕራይ በል። ኣይፋል ምባል ዝለመደ ሰራሕተኛ፡ ብእኡ ኣብሉ እዩ ዝነብሮ። ዋላ ኣብ ዕለታዊ ህይወቱ ምስ ኣባላት ስድራ ቤቱ ከይተረፈ፡ ኣይፋል ንኽብል እዩ ዝህንደድ።

ገለ ሊቃውንቲ ኣይፋል ምባል ክንምዝር ከም ዘለና ዝመኽሩና ኣይሰኣኑን እዮም። ኣይፋል ምባል ዘይሰለጦ ሰብ ግዱ ወዲሉ ሓዲሩ ዋላ ነቶም ከም ኣኡ ክበሉ ዝመኽርዎ ሰብ እዩ ኣይፋል ዝበሎም።

እቶም ሕራይ ኣብ ምባል ዘቐድሙ ሰራሕተኛታት፡ ሓደሽ ተመክሮ ኣብ ምቕሳም ዓይናም ኣይሓሰሩን እዮም። እቲ ምንታይሲ፡ ንሳቶም ሓደሽ ነገር ንኽፈልጡ ወትሩ ህንጡያት እዮም።



ብመንጽሩ እቶም ኣይፋል ዝለመዱ ሰራሕተኛታት፡ ንሓደሽ ተመክሮ ስራሕ ይኹን ህይወት ክፍትንዎ ፍቓደኛነቶም ክገልጹ ኣይረኣዩን እዮም። ዋላ ብዙሕ ከይሓሰቡሉ እዮም - ‘ዕጹ’ ምባል ዝሰልጦም።

ኑቲ ዕጹ ምባል ዝሰልጦ ሰብ፡ ካልኦት ሰባት እውን ንዕኡ ናይ ኢዱ እዮም ዝመልሱሉ። ልዕሊ ኹሉ ምስ መሳርሕቱን ናይ ቀረባ ሓለፍቱን ሰናይ ኣይረኽብን እዩ። ኣብ ስድራ ቤታዊ ህይወቱ እውን ከም ሰጊንጠር ስለ ዝጥመት፡ ሰላም ኣይረኽብን እዩ።

ኣይፋል ወይ እምቢ ናይ ምባል ኣመል እንተ’ልዩካ፡ ካብ ሕጂ ኣትሒዝካ ክትእርሞ ከም ዘሎካ ክትሓስበሉ ይግባእ። እዚ ሕማቕ ባህሪ እዩ። ንቕድሚት ኣየሰጉመካን እዩ። ኩሉ ነገር ዘይክኣል ኰይኑ ከም ዝሰማዓካ እዩ ዝገብረካ። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ብምኽኒት ከም እትውለፍ ይገብረካ።

ምኽኒት ዝለመደ ሰብ፡ ንሓንቲ ስራሕ ቅድሚ ምስራሑ፣ እታ ስራሕ ክትሰራሓሉ እትኽእል ዕድላት ኣይኩነን ከናኽዝብ ዝጅምር። ብኣንጻሩ፣ እታ ስራሕ ክትሰርሓሉ ዘይትኽእለሉ ዕድላት ናብ ምዝርዛር እዩ ዝኣቱ።

ዝኾነ ሰብ ቅድም ቀዳድም ንዕኡ ክጥዕሞ ምእንቲ፡ ሕራይ ምባል ክለምድ ኣለዎ። ሕራይ ዝበል ሰብ፣ እቲ ርእሰ ፍቕሪ ዘለዎ ሰብ እዩ። እቲ ንገዛእ ርእሱ ዘፍቅር ሰብ ከኣ፣ ንኻልኦት ሰባት ከፍቅር ዝሰፍሐ ዕድል ኣለዎ። እቲ ንኻልኦት ዘፍቅር ሰብ፣ ኣብ ስርሑ ምስ መሳርሕቱ ይኹን ምስ ዓማዊሉ ዝበለጸ ዝምድና ይፈጥር እሞ፡ ኣብ ጽሬት ስራሕ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር።

ሕራይ ምባል ናብ ሓደሽ ፍታሕ፣ ናብ ሓደሽ ደረጃ ክእለት ከምኡ እውን ናብ ሓደሽ ዓወት ከም ዝመርሓና ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ኣረጋጊጾምዎ ኣለዉ።

## ስጉምቲ ምውሳድ

ሓደ ካብ ሕጋጋት ኣይዛክ ኒውተን፡ ‘ንዘኾነ ነገር ሓደ ደጋፊ ሓይሊ እንተ ዘይደፊኡዎ ኣይንቀሳቐስን እዩ።’ ዝበል እዩ። እዚ ሕጊ ኣብ ህይወት እውን ይሰርሕ እዩ። ኣብ ህይወት ባዕሉ ዝንቀሳቐስ የለን። ኣብ ሓሳባት፡ ውጥናትን ሸቶታትን ከኣ እዚ ሕጊ ይሰርሕ እዩ።

ብዘይስጉምቲ ዋላ እቲ እምበረ መጠን ደራኺ ሓሳብ ከይተራእየን ከይተፈልጠን እዩ ዝሕለፍ። ሓሳባት ክሳብ ብስጉምቲ ዘይተደገፉ ንዝበራዊ ወይ ፈዚካዊ ዓለም ኣይጸልወዎን እዮም።

ስጉምቲ ምውሳድ መብዛሕትኡ ግዜ ወህሉል (cumulative) ጽልዋ ኣለዎ። ስጉምቲ ክንወስድ እንከለና፡ እቲ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ከይተረፈ እዩ ክበሃድ ዝጅምር። እናሓንሳእ ተኣምራት እዩ ዝመስል።

ኣብ ሓደ እዋን ከቢድ ዝመስል ዝነበረ ስራሕ፡ ምስ ጀመርካዮ ካብ እቲ ዝሓሰብካዮ ዝቐለለ ኰይኑ ክጸንሓካ ይኽእል ወይ ኑቲ ስራሕ ምስ ጀመርካዮ ብልክዕ ክሕግዘካ ዝኽእል ሰብ ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ። ክንዲ ዝኾነ እዩ ድማ፡ “ዕድል ንተባዕት እያ ትፈቱ።” ክበሃል እንሰምዕ። የግዳስ እቲ ዝዓበየ ወህሉል ጽልዋ ናይ

ስጉምቲ ምውሳድ፡ ካብ ክልስ ሓሳብ ናብ ፈተናዊ ወይ ግብራዊ ክሰጋገር እንከሎ እዩ ዝረጋገጽ። በዚ ኣገባብ ናይ ብሉጽ ፍልጠት ክርከብ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

ስጉምቲ ምውሳድ ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ምህናጽ ዘለዎ እጃም፡ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ንፍርሕኻ ተቖጻጺርካ፡ ኑቲ ክስራሕ ዘለዎ ዘይክኣልን ክትግምግሞ እንተ ኽኢልካ፡ ናይ ምዕዋት ዕድልካ ኣመና ይሰፍሕ። ምስ ተዓወትካ ፍርሕኻን ምጥርጣርካን ቀስ ብቐስ ክዘልቅልካ ይጅምሩ።

ኑቲ ዘፍርሓካ ዝነበረ ክትሰርሖ እንተ ኽኢልካ፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ብርኡይ እዩ ዝበርኽ። ንኻልኦት ዘፍርሑኻ ዝነበሩ ከይተረፈ፡ ብዘይጸገም ክትዓምሞም ከም እትኽእል ትብዖት ተጥሪ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ እቲ እትሰርሓሉ ዓውዲ ከም ክኢላ ክትጥመት ትኽእል።

ስጉምቲ ምውሳድ ልምድኻ ኣብ ምልዋጥ ዘለዎ እጃም፡ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ብዙሓት ሰባት ሸቶኦም ዘይወቕዑሉ ምኽንያት፡ ኣቐዲሞም ዘማዕበልዎ ኣሉታዊ ልምዲ ሓሊኹ ስለ ዝሕዞም እዩ።



ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ንኣሉታውያን ልምድታት ብቐሊሉ ሓዲጊካ ክትጸርጎም ኣይትኽእልን ኢኻ። ንሕማቕ ልምድታት ብስሩዕ ወይ ቀጻሊ ስጉምትታት ብምውሳድ ጥራይ ኢኻ ክትእርሞም እትኽእል።

ንኣሸቱን ዝደጋገሙን ስጉምትታት ብምውሳድ፡ ኑቲ ንዊሕ ግዜ ምሳኻ ዝጸንሐ ሕማቕ ልምዲ ክተናኽሞ ወይ ክትገኽዮ ትኽእል ኢኻ። በዚ ድማ፡ ናብ እወታዊ ልምዲ ትሰጋገር እሞ፡ ኣብ ስራሕኻን ህይወትካን ልዑል ዓወት ክተመዝግብ ትኽእል።

እቲ ካልእ ሕጊ ኒውተን፡ “ንሓደ ኣብ ምንቅስቓስ ዘጸንሐ ነገር ምንቅስቓሱ ከም ዝቕጽል ምግባር ይቐልል፡ ካብ ንሓደ ደው ኢሉ ዝነበረ ከም ዝንቀሳቐስ ምግባር።” ዝበል እዩ። እዚ ሕጊ እዚ ኣብ ስራሕ ዓለም እውን ይሰርሕ እዩ። ንሓደ ድሮ ዝተጀመረ ስራሕ ከተቐጽሎ ይቐልል፡ ካብ ንዘይጀመረ ስራሕ ክተጀምር።

ኣብ ህይወት ብሰሪ ፍርሒ፡ ምጥርጣር፡ ምቕት፡ … ኣብ ሓደ ደረጃ ተሸኺልካ ክትተርፍ ትኽእል ኢኻ። የግዳስ ዓቢ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ትብዓት ወይ ልምዲ ከተጥሪ ምስ ጀመርካ፡ ካብ ተሸኺልካ ምትራፍ ክትገላገል ትኽእል። ብመሰረት ሕጊ ኒውተን ከኣ፡ ሓንሳእ ካብ እቲ ዝተሸኸልካዮ እንተ ወጺእካ ምረሻኻ ንኽትቅጽል ኣይክብደካን እዩ።

መብዛሕትና ካብ ኣብ ሓቀኛ ህይወትና ንላዕሊ፡ ኣብ ኣእምሮና ኢና እንሰርሕ። መብዛሕትና ማእለያ ዘይብሎም ወጥናት ነውጽእ። ፍጻሜት ወጽኢታት ኣብ ኣእምሮና ክንሰእል ኣይእግመናን። እቲ ቀንዲ ቁምነገር ግዱ ኣብ ባይታ ኣውሪድካዮዶ ኣየውረድካዮን እዩ ዝገድስ።

ኣብ ኣእምሮኻ ዓቢ ውጥን ሃልዩካ፡ ኣብ ተግባር ክተንጸባርቖ እንተ ዘይክኢልካ፡ ተመለሱ ዓቢ ጭንቀት ይጉብረልካ። እቲ ፍታሕ እምበኣር፡ ይዕበ ይንኣስ ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ናብ ዝጭብጦ ስራሕ ምስግጋር እዩ።

ኣብ ኣእምሮኻ ዝሰኣልካዮ ስራሕ ናብ ባይታ ክተውርዶ እንከለኻ፡ ገለ ጸገማት ወይ ጌጋታት ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። የግዳስ ከይተጋገየ ናብ ወጹእ ክኢላ ሰራሕተኛ ዝተሰጋገረ ከም ዘየለ ምዝኻር ንባዕሉ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ተግባር ከይሰራሕካ እተጥርዮ ተመክሮ የለን። ድሕሪ ብዙሕ ደርገፍገፍ ናብ እቲ ክትበጽሖ እትሓልሞ ደረጃ ክትሓክር ትኽእል። ኑቲ ሰኣን እኹል ተመክሮ ደርገፍገፍ ዝበልካ ዝነበረ ስራሕ ምስ መለኽካዮ፡ ጸጊሕካ ንኻልኦት ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ናብ ምሕጋዝ ዘይትሰጋገረሉ ምኽንያት የለን።

ሃሪ ትሩማን፡ “ዘይፍጸም ተግባር ካብ ፍጹም ብኩራት ተግባር ይብልጽ።” ኢሉ ነይሩ። ካብ ዘይፍጸም ተግባር ቡብቐሩብ እናተማሃርካ ናብ ፍጹምነት ገጽካ ክትጽጋዕ ትኽእል ኢኻ። ካብ ፍጹም ብኩራት ተግባር ክርከብ ዝኽእል ግዱ ዋላ ሓደ ነገር የለን።

መብዛሕትና ካብ ስጉምቲ ምውሳድ እንቖጥብ፡ ከይንፈሽል ፍርሒ ስለ ዘለና ኢና። ከይትፈሽል ፈሪሕካ እንተ ተኸርሚኻ፡ ኣብ እታ ዘለኻያ ደረቓ ኢኻ እትተርፍ።

ፍርሒ ብዘኾነ መለክዒ ክሳራ ኣይኮነን። ዕወታት ሰባት ንፍሽለት፡ ከም ዝዓበየ ትምህርቲ እዮም ዝቖጽርዎ። ድኹማት ሰባት ግዱ እንተ ፈሺሎም ብመሳርሕቶም ይኹን ብኻልኦት ሰባት ዝንጸጉ ስለ ዝመሰሎም፣ ካብ ንቕድሚት ንድሕሪት ክዘልቁ እዮም ዝመርጹ።

ዕወታት ሰባት ንፍሽለት ከም መንገዲ ዓወት ይቖጽርዎ። ነፍሲ ወከፍ እትፍጽሞ ጌጋ ሓደ ስጉምቲ ናብ ሸቶኻ እዩ ዘቐርበካ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ መስርሕ ኢኻ እንታይ ከም ዘሰርሐን እንታይ ከም ዘይሰርሐን ክትፈልጥ እትኽእል።

እቲ ኣብ ምህዞ ዓለም ዛጊት መወዳድርቲ ዘይተረኽቦ ኣልበርት ኣይንስታይን፡ ንልቺ ክምህዝ ብተደጋጋሚ ምስ ፈሸለ ከቶ ኣይተዓጸፈን። ሓደ ዓርኩ ከጸናንዖ ምስ መጽአ ዝሃቦ መልሲ፡ ንኹላትናን ትምህርቲ ክኸውን ዝኽእል እዩ።

ንሱ፡ “ኣነ እኮ ኣይፈሸልኩን። ኣነ 10,000 ዘይሰርሑ መንገድታት እየ ረኺበ።” እዩ ኢልዎ። እወ ካብ እቶም ዘይሰርሑ መንገድታት ተበጊሱ፡ ናብ እቶም ዝሰርሑ መንገድታት ክትሓልፍ ከቢድ ኣይኮነን።”

ኣብ እቲ ኣብ ኣእምሮኻ ጥራይ እተደረተ ሕልሚ ኳንካ ክትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣእምሮና ንሕልምና ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ዘለዎ ግደ፡ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ናይ መወዳእታ ለውጢ ኣብ ምምጻእ እውን ዓቢ ድርኺት ይፈጥር። የግዳስ ኑቶም ሕልምታት ናብ ክውንነት ዝልውጥ፡ ስጉምቲ ምውሳድ ጥራይ እዩ።

*“ተግባር፡ ፈውሲ ጭንቀት ምቕራጽ እዩ።” - ጆዋን ባኤዝ*

*“ምፍላጥ ጥራይ እኹል ኣይኮነን፡ ክትግበር ይግባእ። ድሌት ጥራይ እኹል ኣይኮነን፡ ክንሰርሕ ይግባእ።” - የሃን ዎልፍጋንግ ቮን ጎቴ*

**ይቕጽል**

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

ረቡዕ 05 ነሓሰ 2026
ኣስመራ - 11 : 53 ድ.ቐ. -

## ደሃይ ሳንዳይ

ሳንዲተይ ከመይ ጸኒሕኪ፣ "ናይ ልብኺ ዲኺ ኣብ ዘይእዋኑ... እንታይ ኮን ኣትሪፍኪ ኳንኪ ኢኺ ተመሊስክኒ ደኣ፣" ኢልኪዶ ትሓስቢ ኣለኺ፣ ዝተረፈኒስ ኣይነበረን። ተፋንየኪ ነናብ መዳቐሶና ምስ ኣበልና ግን ኣሩ መሓዛይ ደዊላ ጸኒሓ። ለካ እዝነይ ጺጽ ክትብለኒ ውዒላ። ኣይገርመክን። መሓዛይ ቅጭን እንተ ደዊላ ንኸንደይ ሰዓታት ነዕልል ንኣኺ ይጠፍኣኪ እዩ ኣይብልን እየ። ጥራይ ንኸልና መታን ክጥዕመና፡ 'ደሃያ ኣይተሓባእ!' ሓቀይዶ፣

ኣብ ግዜ ህጻንነትና፡ ካብ መዋእለ ህጻናት ዝጀመረ ምሕዝነት እዩ ዘለና። ከምኡ ኢለ ነጊረኪስ ይፈልጥዶ፣ ይደግመኪ እየ ዝህሉ፡ እምበር ምንጋርሲ ነጊረኪ እኸውን እየ። ብዝኾነ፡ ክሳዕ ሕጂ ምሕዝነትና ህያው ከም ዘሎ ዝፈልጡ መቕርብና፡ ብኣና ክግረሙ ክንርኢ እንከለና ንሕና ከኣ ብምግራሞም ንግረም። ህይወትና፡ ኣነ ብዘይ ንሳ፡ ንሳ ብዘይ ኣነ ክንቀርጻ'ኳ ተሸግረና። ሓቢርና ዝኣኸብናዮ ተዘክሮታት ናይ ዝገሸናዮን ዝተዘናጋዕናሉን ቦታታት፣ ዘገርመና፡ ዘሰንብደና፡ ዘስሕቐና፡ ዘኹረየና፡ ዝወደቕናሉ፡ ዝተንሳእናሉ፡ ዝጉየናሉ፡ ዘዕረፍናሉ፡ ... ፍጻመታት ኣብ ከብሒ ኣእምሮና ተኸዚኑ ኣሎ።

እቲ ቀደም፡ ምሳይ ገዛና እንተ ሓዲራ ወይ ኣነ ገዛኣ እንተ ሓዲረ፡ ጸሓይ ዕራርቦ ዝጀመረ ጉጅምጅምና ጸሓይ ወጋሕታ እያ ተርክበና ነይራ። ተዛቲና ከይፈታሕናያ ትሓድር ነገር የላን። ይገርመኪ እዩ፣ ብድሕሪኡ መዓልቲ ዘይንራኸብ ኢና ንመስል ነይርና። ምኽንያቱ... እንቋዕ ከኣ እቲ ከምኡ ዓይነት ህይወት ኣብ ግዜኡ ኣስተማቐርናዮ። እምበር፡ ሎሚስ ነቲ ግዜ ብናፍቖትን ሃረርታን ካብ ምዝካር ሓሊፍና ንገብሮ የብልናን።



ሳንዲተይ፡ ግዜን ቦታን ፈላልዩና ምስ ኣሩ፣ ኣብ በበይኑ ክፋላት ዓለም ኢና ንቕመጥ ዘለና። ህይወት በብዝቐረበትልካ ነናይ ውልቅኻ መገዲ ክትጓዓዝ ግዲ ኣሎካ ኰይኑ፡ ከይፈተና ተማእዚዝናያ። ርሕቀት ቦታ ንኣካላትና ምስ ፈላለዮ ዝተሰምዓኒ ጽምዋን ዝኣተወኒ ቍርን ድማ ኣዐሪኺ ትዝክርዮ ኢኺ። መንፈሰይ ካብ ስጋይ ተነጺሉ ዝኸደ ኰይኑ ክሳብ ዝስምዓኒ ኣካላተይ ደኺሙኒ። ኵነታትና ዘሻቐሎም ወለዲና፡ ስክፍታኦም ሰማይ ዓሪጉ። ንኽውንነትና ክቕበሎ ዓመታት ተተዓኺሊሉ ከይዱ። ሓቂ ዘረባ፡ ዋላ ሕጂ'ውን እንተኾነ ምሉእ ብምሉእ ክቕበሎ ኣይከኣልኩን። ንሳ'ውን ከምኡ። 'ከም ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክሳብ ንመስል ዘይንፈላለ ዝነበርናስ ናይ ብሓቂ ድዩ ነዚ ህይወትና ክኢልናዮ ዘለና፣' ኢለ ንነብሰይ እሓታ እየ። ዝሕው ዘብል ስምዒት ዝተኻዕዎ ኣካላተይ ግን ንልሳነይ ቀዲሙዋ መልሲ ይቕርበለይ። ብዘይ ብእኡ'ኳ ናፍቖት ንኣካላትናን መንፈስናን ኣሳጽዩዎ ዘሎስ በሊ እንታይ ዝቐሳቕስ ሕቶታት ዘልዕል ኣሎኒ'ዩ፣ ጠንቀምቀም ደኣ ይብሃል።

"ከመይ ቀኒኺ፣ ህይወት ከመይ ኣሎ፣" ኢለያ እትምልሶ እናፈለጥኩ።

"ናፈቕ!... ናፍቖት ኣይከኣልኩዎን...።"

"ግደፌ እባ ኣይትጒጻጒጽኒ፡" ተዳልዩ ዝጸንሐ ክመስል፡ ንብዓት ኣብ ኣዕይንተይ ክዓቍር ተፈለጠኒ። ኣብቲ ብንብዓት ዝተሰነየ ዕላላትና፡ ኣባዲትን ተኣባዲትን ዘይፍለየሉ ደቓይቕ ሓሊፉ።

"ቅድሚ ትማሊ፡ ኣብቲ ናይ ማሕበረ ኮምና ፈስቲቫል ኬድና ነይርና። ምሉእ ምሸት ክዝክረኪ ኣምስየ።"

"እሞ ሓቀይ'የ ክዕንቀፍ ዝወዓልኩ። መሬት ክሳብ ዝስዕም ክትገብርኒ ዲኺ ክትቃለሲ ውዒልኪ፣" ክብላን ዘሕነቕንቕ ዝነበረ ቃናኣ ብሰሓቕ ክትካእን ሓደ ኰይኑ። እንታይ ዘኪራ ትስሕቕ ኣላ ስለ ዝፈልጥ ምስኣ ሓቢረ ሰሓቕኩ።

ሳንዲተይ፡ ደቐቕቲ ኣይንገድፍ ፍሩያት ጕዳያትና ከይተዛተናሉም መዓልቲ እንተ ሓሊፋ፡ ሸቐልቀልና ኣብ ዓይኒ ተዓዚብቲ ከየእተወና ኣይተርፍን እዩ። ኣብ ዕላልና፡ ብዛዕባ ህይወትና፡ ስራሕና፡ ስድራቤትና፡ መሓዙትና፡ ... እናተናኸፍና ሓድሽን ዝቐነየን ሓበሬታታት ተለዋወጥና። ዘሕጉስ እዩ፣ ኣሩ ካብ ጸቕጢ ተገላጊላ ምስቲ ዘላቶ ዓዲ ተወሃሂዳ ክትነብር ምኽኣላ ኣብ ዕላላታ ይረኽቦ ኣለኹ። እዚ ከኣ ርግኣት ክፈጥረለይ ክኢሉ ኣሎ። እምበር፡ ጻዕቂ ስራሕ ከየሕምቓስ ተሰኪፈላ'ኳ ኣይፈልጥን።

ሳንዲተይ፡ ኣሩ ኣብ ናተይ ኣነ ከኣ ኣብ ናታ ህይወት ዘለና ተራ ቀሊል ከም ዘይኰነ ኣጥዒኺ ትፈልጢ ኢኺ። እናኸሰንብድ ልበይ ትመልስ፡ እናኽትሻቐል ንልባ የርግእ፣ ቀዳመይቲ መካፍልቲ ሓጐሰይ ንሳ፡ መጻውርቲ ጓሂኣ ኣነ፣ ምኽረይ ምስኣ፡ ልዝባ ምሳይ ክኸውን ንቡር ክፋል ህይወትና እዩ። ከይዕንቀፍ እትድግፈኒ ቀዳመይቲ ንሳ'ያ፣ ካብ ዝወደቐቶ ዘተንስኣ ከኣ ብዘይካይ ካልእ የለን። ኣብ መዓሙቕ ሓዘን ጥሒለ ምስ ንብዓት ዓይነይ ክውዕል ከለኹ፡ ንንብዓተይ ሓሲሳ ፍሽኽ ክብል ዝገበረትኒ ንሳ'ያ ነይራ። ኮታ፡ ታሪኽይ ብዝተፈላለየ ሕብርታት ኣብ ካንቫሰይ 'መሳጢ ቅብኣ' ገይረ ንኽቕብኦ ኣኽኢላትኒ እያ ኣሩ መሓዛይ።

"እሞ ከምኡ ኢልኪ እንዶ ኣመስግንያ፡" ዲኺ ዝበልክኒ፣ ኣይብላን እየ። ኣንቲ ሳንዲተይ፡ እስከ በሊ ብቓላት ክንመሳገንሲ ርኢኽናዶ ትፈልጢ ኢኺ፣ ንስምዒታተይ መግለጺ ዝኸውን ቃላት ስለ ዘይረክብ፡ "የቐንየለይ!" ጥራይ ይውሕዳ እዩ። ንሳ'ውን ከምኡ ዝብል ርድኢት ስለ ዘሎዋ፡ ኣይትብለንን እያ፣ ኣይትጽበየ፣ን ከኣ። ደሓን ናቱስ፡ ብቓላት ከይተዘራረብና ውሽጥና ክንናበብን ክንረዳዳእን ስለ እንኽእልሲ ኣይትሰከፊ። ክሳብ ክንድኡ ኢና ናብ ሓንቲ ሰብ ጸሪና። ከይረሳዕኩዎ ከኣ'ባ፡ ሰላም ኢላትኪ ኣላ። ኣረ መሓዛእ ንኸይተጸምውኣ ለበዋ ዝሓዘለ ሰላምታ'ዩ። በሊ፡ ደሃይ ኣሩ ርግኣት ፈጢሩልና ኣሎ እሞ ሩፍ ኢልና ንደቅስ ሳንዲተይ ሸኮር። ብሩኽ ለይቲ!

**ኣስቴር የማነ (ሳማራ)**

## ኣብ ሕቑፎኣ



ሃለው ዝበለ ጸድፊ'ዩ። ጸድፊ ጥራይ ኣይኰነን፣ ሃው ዝበለ ማዕሙቕ'ውን'ዩ። ብላዕለይ ክንዲ ርሕቀት ጸሓይ ርሒቑ ብፈቓቕ ቦታ ዝርኣየኒ ጩራ፡ ኣብ ማዕሙቕ ከም ዘለኹ ይነግረኒ ነይሩ። ብትሕተይ ክንዲ ዕምቈት ውቅያኖስ ዝዕምቈቱ ሸለው ዝበለ ጸድፊ ከም ዘሎ፡ እቲ ብሸታሕታ እግረይ ተንኰራርዩ ዝኸደ ደንጐላታት ድሕሪ ነዊሕ ደቓይቕ'ዩ ናይ መዓልቦኡ ድምጺ ብምስማዕ ዝሕብረኒ። እናሻዕ እናተራብሐ፡ ብዘየዕርፍ ድግምጋም ድምጸይ ዝመልሰለይ ዝነበረ መቓልሕ፡ ንመሸጐራጕራት እቲ ሃለዋቱ ዘይተፈልጠ ቦታ በይነይ ምህላወይ ነገረኒ።

መን ናብኡ ኣብጺሑኒ ኣይፈልጥን። ጥዑይ ክሓስብ ዘይክእለሉ ኵነታት'ዩ። እንቋዓ ኣስተንፍስ። ልበይ መሰንገለይ ሰንጢቓ ክትወጽእ ትደሊ። ትንፋስ ክሓጽረኒ ይጅምር። ኣብ ከባቢ ገጸይ ገለ ዓፈኒኑ ብኢደይ ንምእላይ ኣእዳወይ ከንቀሳቕስ እንተ በልኩ ከመይ ገይረ፣ ገለ ከረው ኣቢሉ ጠሚሩኒ።

ከምዚ ቅድሚ ሕጂ ዘጋጠመኒ'ሞ ዝድገም ዘለኹ ኰይኑ ይስምዓኒ። መሬት እኩት ኢላትኒ ኣብ ዝነበረትሉ፡ ዝፈልጦ ምቔት ኣብ ዙርያ ኰይኑ ካብቲ ቀዝሒ ከገላግለኒ ይፍትን ነይሩ። እቲ ምቔት ኣለለኹዎ'ሞ፡ "መንሱራ! መንሱራ!" ጨደርኩ።

"ኣቤት! በስመኣብ በል፡" ኢዳ ኣብቲ ዝቃጸል ዝነበረ ደረተይ ምስ ኣዕረፈት እንቃዓ ኣስተንፈስኩ። ኣብዛ ሕቑፉ ሸጕጥ ኢለ ድቃሰይ ቀጸልኩ።

**ምሉእ ተስፋይ**

08 ለካቲት 2025
1፡55 ቅ.ቐ.

## ክብረትዶ ፍትወት

ከም ምስኡ ምርኻብ ገይሩ ባህታ ዝፈጥረለይ የለን። ካብ ዝላለዮ ኣትሒዘ ብዙሕ ነገር ኣብ ህይወተይ ወሲኽ እዩ። ርእየት ኵርናዕ ኣጠማምታይ ኣብ ደቀቕቲ ይኹኑ ዓበይቲ ነገራት ኣዝየ ክግደስ ምሂሩኒ እዩ። ንህይወት በቲ ዘድልየኒ ዘይኰንኩ በቲ ዝግብኣ ክርእያ ዝሕግዘኒ ሰብ ንሱ ጥራይ እዩ። ፍልጠቱን ተመኩሮታቱን ካብ ዝግምቶ ንላዕሊ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ዝተራኸብናሉ ንዓለም ዘይተቐመጥኩዎ ዕድመ ከም ዝሓለፍኩዎ ኰይነ'የ ዝረኣ። ብዛዕባኡ ክሓስብ ከለኹ ካብ ሰብ ዝወጸ ፍጡር ኰይኑ እዩ ዝስምዓኒ። ከም ማትሶላ ነዊሕ ዕድመ ክጸንሓለይ እዩ ባህገይ። ሓንቲ መዓልትስ ከኣ'ባ ኮምኡ ኢለ መሪቐዮ ነይረ። "እዛ መሬት እንታይ ከፍርየላ ኢለ እሞ ክጸሕን፣" ድዩ ኢሉኒ። ኣብ ልዕሊ መሬት ሰባት የፍሪ ከም ዘሎስ ኣይርድኦን ኣሎ ማለት'ኮ'ዩ።

ኣነ ብምርካበይ እምበር ንኣይ ምርካቡ ክሳራ ከም ዘኹና ዝሓሰበሉ እዋናት ውሑድ ኣይኰነን። ኣብ ዝተረኣኣናሉ ክረኽቦ ከም ዝደሊ ይነግረኒ እዩ። እንታይ ሒዙኒ ግን ኣይፈልጥን። ምናልባትዶ ካብኡ ዝደልዮ ከይጽንቀቐኒ'ሞ ፍልጠቱን ልቦናኡን ከየልምጾ ፈሪሐ እኸውን! እቲ ምኽንያት ንሱ ኣይመስለንን። ከም ውቅያኖስ ክሳዕ ዕድመ ሞቱ ዘይውዳእ ወሓዚ ፍልጠት ከም ዝዓጠቐ ይፈልጥ እንድየ። ናፍቖተይ ኣብ ልዕሊኡ መዐቀኒ ዘይብሉ ክንሱ፡ ፈጺመ ኣብ ፊቱ ንበይነይ ክቐውም ሓርቢቱኒ። ከም ድላይ ውሽጠይን ድላዩን ግን ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ኮፍ ኢለ ከዕልሎ ኣይከኣልኩን።

ምስኡ ከይራኸብ ዘዕንቅጸኒ ስክፍታታተይ ምስ ነገርኩዎ፡ ብዛዕባ ዘምጻእኩዎ ሓሳባት፡ ብመልስታቱ ገይሩ ደምሲሱዎ እዩ። ግን ኣይከኣልኩን! ካብኡ ብመገሻ ኣብ ዝረሓቕኩሉ ግዜ ዘይምርካበይ የጣዕሰኒ'ዩ። ምስ ተመለስኩ ግን መሊሰ እደግሞ። እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈለጥኩን ዘለኹ። ንዲ'ባ  ስቅ ኣይትበሊ ዳየረይ ንስኺስ ገለ በልኒ። ስቕታይ ምስ ምንታይ ከም ዝትርጕም ክትምልስለይ ኢለ'ኮ'የ ዘዕልለኪ ዘለኹ። ሕቶይዶ ከቃልለኪ ክብረት ድዩ ፍትወት፣

**ሊያ ካሕሳይ - ኮ/ዘ/ጥ/ኮ**

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ኤርትራ፡ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ . . .

ዓብደልወሃብ መሓመድኣማን
ካይሮ - ግብጺ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ሎሚ ረቡዕ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ንምግጣም ምድላዋታ ኣጻፊፋ ትርከብ።

እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ኬንያ ኣብ ዘካየደቶ ቀዳማይ ናይ ምድላው መጻረዪ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027፡ ምስ ኬንያ 1-ብ1 ምፍልላያ ይፍለጥ። ክሳብ መበል 87 ደቒቕ መሪሓ ዘበረት ኤርትራ፡ ካብቲ ጸወታ ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ክትወስድ ኣብ ደርጐሽት በጺሓ ነይራ እያ።

ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ግብጺ - ካይሮ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዘካይድዎ ጸወታ ተዓዊቶም ንምውጻእ ልዑል ምድላው ገይሮም ኣለው። ብጉዳዩ



ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ግብጺ ኣብ እዋን ልምምድ

ኣሰልጣኒ ሂሻም ያኮብ እትምራሕ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ካብ ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ጀሚራ ኣብ ግብጺ ልምምድ ኣብ ምክያድ እያ ጸኒሓ።

ኣብቲ ቀዳም ኣብ ኬንያ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ካብ ፈለማ ዝተሰለፈ ተኸላኻሊ ናይዛ ጋንታ ጀማል ዓሊ፡ ብሰንኪ መጉዳእቲ ክወጽእ ተገዲዱ እዩ። ምስኡ ኣብቲ ማስመር ምሉእ ጸወታ ዝተሰለፈ ሽክሮር ፋርስ'ውን ማህረምቲ ከምዝጸንሖ ድሕሪ ጸወታ ተፈሊጡ። ንተወሳኺ ሕክምናዊ መርመራ'ውን ናብ ክለቡ ክምለስ ተገዲዱ ኣሎ።

በዚ ድማ ዓሎሚ ናይዛ ጋንታ፡ ንቦታ ናይዞም ክልተ ተጻወትቲ ንምሽፋን ኣብ ማስመር ምክልኻል ምትዕርራይ ክገብር ክግደድ እዩ።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ቀዳም ንኒጀር 2-ብ1 ብምስዓር ኤርትራ ንእትርከቦ ምድብ ኣርባዕተ፡ ብሰለስተ ነጥቢ ትመርሖ ኣላ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክሳብ ዙር 32 ዝበጽሐት እዛ ጋንታ፡ ናይቲ ምድብ ዝሓየለት ጋንታ ምኻና ይግለጽ።

ግጥም ኤርትራን ደቡብ ኣፍሪቃን ሰዓት 7፡00 ድሕሪ ቀትሪ እዩ ክካየድ።

**ጽቡቕ ዕድል ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ!**

## ከረን - ቅነ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክፍልታት 'እዚ ህዝባዊ ሰራዊት' ጀሚሩ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ንሻድሻይ ግዜኡ ብክፍልታት ባህልን ስፖርትን እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ዝተወደበ ቅነ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ቀዳም 26 መስከረም ብወግዒ ተጀሚሩ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ መደብ፡ ኣቦ መንበር ኮሚተ ክፍልታት ባህልን ስፖርትን እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ቴድሮስ ኣጽብሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብመሰረት ውጥን ኮሚተ ክፍልታት ባህልን ስፖርትን ዝተሰርዐ ቅነ ስፖርት፡ ጥዕናውን ኣካላውን ብቑዓት ሰራዊት ምሕያል፡ ሓደሽቲ ኣሃዱታት ምድልዳል ምኳኑ ኣብሪሁ። ኣሰዒቡ ድማ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ውድድር፡ ኑቲ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2026 ክካየድ ትጽበት ዘሎ ህዝባዊ ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ፡ ንክፍልታት ወኪላ እትሳተፍ ጋንታ ሆሚብ ንምቛም ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ተወዳደርቲ ሓያል ስፖርታዊ ደስፕሊን ክሕብሩ ኣተሓሳሰበ።



ኣብቲ ሓለቓ ስታፍ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ብርጋደር ጀነራል ሚካኤል ሃንስ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ተሳተፍቲ መንእሰያትን ዝተረኽቡሉ ናይ መኽፈቲ መደብ፡ ፈለማ ዝተራኸባ ጋንታታት ኣዘልን ሽሽታን እየን ነይረን። ኣዘል ድማ ቀድሚኒ ድሕሪን ዕረፍቲ ኣርባዕተ ሸቶታት ክተመዝግብ እንከላ፡ ሽሽታ ድማ ድሕሪ ዕረፍቲ ሓንቲ ሸቶ ኣመዝጊባ። እቲ ጸወታ ድማ ብዓወት ኣዘል 4-ብ1 ተዛዚሙ።

ንሓደ ወርሒ ዝቕጽል ስፖርታዊ ቅነ፡ ብክልተኡ ጾታ ሸውዓተ ጋንታታት ብምጥርናፍ ብውድድራት ኩዕሶ መርበብ፡ ኩዕሶ እግሪ፡ ሰከርት፡ ኣትሌቲክስን ጨመተ ተኽስስን ንጥፈታቱ ክሰላሰል እዩ።

## ጉዕዞ ዘይተሳዕርነት ሳቡር ብደቂ ኣንስትዮ - ኣባሓኒ ብደቂ ተባዕትዮ ይቕጽል



ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ሳቡር

ስፖርታዊ ውድድራት ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብሱይን ሰለሰን ውድድራት ኩዕሶ መርበብን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮን መዛዘሚ ቀዳማይ ዙርያ ኣካይዱ።

ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ሳቡር ንዲታሮ ኣኪታቲላ 25-ብ22 25-ብ15 ከምኡ'ውን 25-ብ5 ብምዕዋት ናብ ዝቕጽል ሓሊፋ።

ድሕሪዚ ሓለቡትን ዋልታን እየን ገጢመን። ሓለቡት ኣብዞ ኣቐሊላ ዝረኣየታ ጸወታ፡ ኣብ ፈላሚት ሴት ክትሰዕር እያ ተረኺያ። ብምቕጻል ኣብ ዝስዓብ ግጥም ክልቲአን ጋንታታት እናተበራረያ ወጽኢተን 2-ብ2 ገበረ። ኣብ መወዳእታ እቲ ናይ ምሕዝዝት ክትብሎ ዘድፍር ጸወታ፡ ብዓወት ሓለቡት 3-ብ2 ብምዝዛሙ፡ ሓለቡት ሳልሳይ ደረጃኣ ኣውሒሳ።

ብጉዳይም ተጻወትቲ እትለለ ዋልታ ድማ ካብ ተዓዘብቲ ክብሪን ናእዳን ረኺባ ካብ ውድድር ተኣልያ። ብሰለስ ንሓሙሽተ ውድድራት ከይተሳዕራ ዝጸንሓ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ኣባሓኒን ሳቡርን ዘራኸበ ጸወታ ድማ፡ ሳቡር ነታ ብዚሒ ደገፍቲ ኣኽቲታ ዝቐረበት ኣባሓኒ 2-ብ0 ብምስዓር፡ ናይ ዘይተሳዕርነት ጉዕዞኣን ቀዳማይ ደረጃኣን ኣውሒሳ።

ዝሰዓበት ግጥም ዓራግ ንዋልታ ዓዲማ 2-ብ0 ዝተዓወተትሉ ኮይኑ፡ ኑቲ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዝሰኣኖቶ ዕድል ብኩዕሶ መርበብ መደበስታ ብምግባር፡ ናብ ዝቕጽል ግጥም ሓሊፋ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ንምልያኣ ትጻወት ዝበረት ሃግባ፡ ንታ ኣዝዩ ወሲ ግጥም ዝኾና ሳቡር እያ ገጢማታ። ሳቡር ኑቲ ጸወታ ብምዕብላል፡ ሰለስተ ሸቶታት ካብ ልሂም ዑቕባይ፡ ሓንቲ ድማ ካብ ሩታ መሲ ብጠቕላላ ኣርባዕተ ሸቶታት ብምምዝጋብ፡ ንታ ብማዕረ ሽሞንተ ነጥቢ ተመዓራርያታ ኑቲ ግጥም ትዕዞ ዘበረት ዓራግ ገሊፋ፡ ንዲታሮ በሊጻ ናይ ሳልሳይ ደረጃኣ ኣውሒሳ።

መራሒት ናይዚ ውድድር ዘላ ዋልታ ምስ ኣቡሓዚ ኣብ ዝተራኸባሉ ግጥም ድማ፡ ብገፊሕ 10-ብ0 ተዓዊታ። ዋልታ ነተን ሸቶታት፡ ሓሙሽተ ካብ ዳናይት ፍጹም፡ ሰለስተ ካብ ዒና ዑቕባይ፡ ሓንቲ ካብ ፍዮሪ ዑቕባሚካኤል ከምኡ'ውን ተጻዋቲት ኣቡሓዚ ፊልመን ሰመረ ናብ ገዛእ ልዳታ ብዘመዝገበታ እያ ረኺባተን። ዳናይት ፍጹም ብ10 ሸቶታት ንብልጽቲ ኣመዝጋቢት ትቕልሳ።

በዚ መሰረት ውድድራት ቀዳማይ ዙርያ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ኣቡሓዚ፡ ሃግባ፡ ሓለቡት፡ ሳቡር፣ ደቂ ኣንስትዮ ሳቡር፡ ኣቡሓዚ፡ ዲታሮ፡ ዓራግ። ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዋልታ፡ ሓለቡት፡ ሳቡር፡ ዲታሮ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ራብዓይ ዘሎ ደረጃ ብምሓዝ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሰጊረን። ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ካብ ሓሙስ ክሳብ ቀዳም ውድድራት ኣትሌቲክስ ክካየድ እዩ።

## ኢንፋንቲኖ ገንዘባዊ ግንፆ ክወሃብ ከምዝኽእል ኣሚቱ

ፕረዚደንት ፊፋ ጂያኒ ኢንፋንቲኖ ካብቲ ኣስታት 4.4 ቢልዮን ፓውንድ ዝኾነት ዕቑር ሃብቲ ፊፋ፡ ንኹለን ኣባላት ናይቲ ማሕበር ዝዓበየ ገንዘባዊ ግንፆ ክዕደል ከምዝኽእል ኣመልኪቱ።

እቲ ፕረዚደንት ናብ ኣመሓደርቲ ኣባላት ሽዱሽተ ኮንፈደረሽናት ኣህጉር ኣብ ዝለኣኾ ደብዳቤ፡ ብሓለፍቲ ክቐርብ ዝኽእል ዝዓበየ ደረጃ ምወላ ከቕርብ ምኻኑ፡ ምስ ቢቢሲ ስፖርት ኣብ ዝገበሮ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ኢንፋንቲኖ ንብርክታት ዋንጫ ዓለም ናብ ውልቃውያን ኣውፊርቲ ክሸጦ ምኻኑ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ካብ ዩኤፋን ካልኦት ኮንፈደረሽናትን ሓያል ተቓውሞ ከምዝገጠሞ ይዝከር። ድሕሪዚ ዝሰዓበ ሓያል ጸቕጢን ተቓውሞን ድማ ኑቲ ሓሳብ ከቋርጾ ከምዝተገደደ ይፍለጥ።

እዚ ገንዘባዊ ግንፆ ናይ ምሃብ እማመ ድማ፡ ብሰንኪ'ቲ ንሱ ዘጠኾ ቅልውላው ኩለን ኣባላት (ማለት 211 ሃገራት) ካብቲ ቀሙጥ ሃብቲ ፊፋ 10 ሚልዮን ዶላር ክኽፈላ ድሕሪ ምሕታተን ምኻኑ ኣብ ደብዳቤኡ ኣጺሩ።

እዚ ይኹን እምበር እቲ መጠን ገንዘብ ክንደይ ክም ዝኸውን ኣቐዲሙ ክም ዘይግምት ብምሕባር፡ ቤት ምኽሪ ፊፋ ዝመጽእ 15 ጥቅምቲ ኣብ ዝእከቡሉ እዋን ኑቲ እማመ ርእይቶ ክህቡሉ ከምዝኽእል ኣረዲኡ።

ካብ ብዙሓት ወገናት ካብ ስልጣኑ ክወርድ ጸውዒት ክቐርበሉ ዝጸንሐ ኢንፋንቲኖ፡ ንብርክታት ዋንጫ ዓለም ናብ ብሕታውያን ኣውፊርቲ ናይ ምሻጥ ሓሳቡ፡ እቶታውነት ፊፋ ንምኽዕባት ዝሓሰቦ እማመ ምኻኑ ኣፍሊጡ'ሎ።



ኢንፋንቲኖ ኣብ መጋቢት 2027 ንራብዓይ ግዜኡ ኣብ ምርጫ ክቐርብ እዩ። ስለዚ፡ ተቓወምቱ ክሳብ 18 ሕዳር ካልእ ሕጹይ ንምርካብ ሃሰው ክብሉ ኣብ ዝፍትኑሉ ዘለዉ ግዜ፡ ንምርጫ ክሕግዝዎ ዝኽእሉ ውሳኔታትን ሓለፋታትን ክተግብር ከም ዝኽእል ይእመን።

## ፈርዲናንድ ዋዛ ኣምሲሉ ናይ ልቡ ይዛረብ

እንግሊዛዊ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ነበር ሪዮ ፈርዲናንድ፡ ንተኸላኻላይ



ማንቸስተር ሲቲ ነበር ጆልዮን ሌስኮት ኣብ 2011-12 ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ብምኻን ንዘወሰዶ መዳልያ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሲቲ ዘጋጥም ዘሎ ክሲታት ክምንጠል ከም ዝኽእል ዋዛ ሓዊሱ ገሊጹ።

ሲቲ ምስ ፋይናንሳዊ ምትእስሳር ኣብ ዘለዎ ኣርእስትታት ገና ኣብ ምጽራይ ዝርከቡ ኣስታት 115 ክሲታት ቀሪቡላ ብምህላው፡ እታ ጋንታ ገበነኛ ኮይና ምስ እትርከብ፡ ኣብ 2011-2012 ዝተዓወተትላ ጸዋእ ፕሪመር ሊግን ካልኦት ዓወታትን ክትምንጠል ከምትኽእል እዩ ዝነገር።

"ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ዝዓበየ ደስፕሊናዊ ጥሕሰት ፈጺማ" ተባሂላ መዛረቢ ኮይና ዘላ ሲቲ፡ እቲ ዛዕባ ምስ ቦርድን ሓለፍትን ፕሪመር ሊግ ኣብ ዲቕ ዝበለ ምጉት ኣእትዩዋ ይርከብ። እቲ ኣብ 2010ታት ተፈጺሙ ዝበሃል ዘሎ ደስፕሊናዊ ጥሕሰት፡ ብፍጻ ኣካል ይጻረ'ኳ እንተ ሃለወ፡ ዝጠዘሉ ካብቶም ክሲታት፡ ሲቲ ከም ዝወዓለቶ ዘረጋግጽ መርትዖ ከም ዝተረኽበ ይሕበር።

ሲቲ በዚ ኣከራኻሪ ጉዳይ ይግባይ ናይ ምባል ማሳላ ሕሉው ኮይኑ፡ ዝርዝር ናይቲ ዝለዓል ዘሎ ክሲታት ን17 ዓመታት ንድሕሪት ዝመልስ ምኻኑ እዩ ዝግለጽ።

ሲቲ እዚ ጉዳይ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝወዓለቶ ምስ ዝረጋገጽ፡ ንጸዋእ ፕሪመር ሊግ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ነተን ካልኣይ ደረጃ ኮይነን ዝዛዘማ ጋንታታት ሊቨርፑልን ዩናይትድን ክተረክበን ክትግደድ እያ። እዚ ዝተረደኣ ፈርዲናናድ ድማ'ዩ ንጆልዮን'ን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ነባራት ተጻወትቲ፡ "ገበኛ ኮይንካ እንተ ተረኺብካ፡ መዳልያኻ ክትረክብ ኣሎካ ማለት'ዩ" ብምባል፡ መዳልያታቶም ክረክቡ ዋዛ ኣምሲሉ ዝጸውዕ ዘሎ።

ወዲ 47 ዓመት ፈርዲናንድ፡ ሓደ ካብቶም ሲቲ ዋንጫ ክትምንጠል ብተደጋጋሚ ዝጽውዑ ዘለዉ ተጻዋታይ ነበር ማንቸስተር ዩናይትድ እዩ። ሲቲ በዚ ጉድለት፡ ዋናጩ ናይ ምምንጣል ስገምቲ ምስ ዝወሰደሉ፡ ዩናይትድ ክልተ ግዜ ናይ 2011-2012 ከምኡ'ውን 2017-2018፡ ሊቨርፑል ድማ ናይ 2013-2014 ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ክወስዳ ከም ዝኽእላ ይምጉት።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ማንቸስተር ሲቲ ካብቶም 115 ክሲታት ብዚዩኻ ኣብ ሓንቲ፡ ኣብቶም ካልኦት ገበኛ ኮይና ከምዝተረኽበት ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ኣብ ዝሕብሩሉ ዘለዉ ግዜ፡ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዋይን ሩኒ፡ ሲቲ ዋላ'ውን ጸዋእ ፕሪመር ሊግ 2011-2012 እንተ ትምንጠል፡ መዳልያ ናይ ዕውትቲ ጋንታን ተጻወትቲን ክቕበል ፍቓደኛ ከም ዘይኮነ ገሊጹ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ፡ ካብ ዒራቕ ጠቕሊላ ትወጽእ

ሓይልታት ኣመሪካ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዒራቕ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራተን ሎሚ ረቡዕ ጠቕላለም ክስሕቡ ምጃኖም ተሓቢሩ።

ክኢላታት ጸጥታ ዒራቕ፡ እቲ ኣብ 2024 ብፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጆ ባይደን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምስሓብ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ዕራቕ፡ ምምሕዳር ዶናልድ ትረምፕ ኣንጻር ኢራን ኩናት ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን ተግባራዊ ይኸውን'ኳ እንተሎ፡ ንኢራንን መሻርኽታን ግን ብዘዋግዲ ናጽነት ክህቦም ከም ዝኽእል ኣረዲኦም።

ንዓመታት ዝኣክል ንጽልዋ ኢራን ኣብ ዒራቕ ጉዳይ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ህላወ ኣመሪካ ኣብ መሬት ዒራቕ የብቅዕ ብምህላዉ፡ ኢራን፡ ካብ'ቲ ኣመሪካ እትወስዶ ዘላ ስጉምቲ ብስትራተጂያዊ መንገዲ ተረባሒት ከም እትኸውን እዩም ክኢላታት ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣዛዚ ናይ'ቶም ኣብ ዒራቕ ዝርከቡ ብኢራን ዝድገፉ ዕጡቓት ዝኾነ ኣቡ ሞጅታባ ኣል ያሰሪ ምውጻእ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ዒራቕ ንጉጅለታት ተቓውሞ ዒራቕ ታሪኻዊ ዓወት፡ ንፕሮጀክት ኣመሪካ ድማ ስዕረት እዩ፡ " ክብል ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ "30 መስከረም፡ ኣብ ታሪኽ ዒራቕ ንዘጸንሐ ጸለም ምዕራፍ ክትቅይር እያ። ኀይሊ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝጥቀስ ጸቕጢ ክፈጥር ዘይምኽኣሉ ድማ፡ ሃ ዕለት ንዘልኣለም ክዙከር ኢና፡ " ኢሉ።

እቲ ኣዛዚ ቀጺሉ፡ "ዒራቕ ልኡላውነታ ብተቓውሞን ድሌት ህዝብን እምበር ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ክውሓስ ከም ዘይክኢል ኣማስከራ እያ፡" ክብል ኣረዲኡ።

ምስሓብ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ'ታ ንልዕሊ 20 ዓመታት ኣብ ዝተኻየደ ኩናት 4,500 ሰራዊት ኣመሪካ ዝተቐተሉላ ዒራቕ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎ ዓወት ኮይኑ ከም ዘሎ ይሕበር።

## ኢራን፡ ንኣመሪካን መሻርኽታን ተጠንቀቕ

ኣንጻር ኢራን ዝፀደድ ዘሎ ግጭት ሓደሽ መልክዕ እንተ ደኣ ሒዙ፡ እታ ሃገር ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጥቕሚ ዘየውዓለቶ ተወሳኺ ኣጽዋር ኣብ ዓውደ ውግእ ክትጥቀመሉ ክትጀምር ምኳና፡ ሓለዋ ሰውራ ናይታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣጠንቂቑ።

ኣፈኛ ናይቲ ሓለዋ ሰውራ ሐሴን ሙሐቢ ኣብ ጣህራን ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ሃገሩ ናይ ምክልኻል ዓቕማ ንምሕያል ንእትገብሮ ዘላ ቀጻሊ ጻዕሪ ዝኩልሕ ሓበሬታታት ሂቡ።

ንሱ፡ "ኣብ መላእ ዓለም ንዘለዉ ቴክኖሎጂታት ተጠቒምና ንሃገርናን ህዝብናን ክንከላኸሉ ዝኽእሉ ኣጽዋር ነፍሪ ኣለና" ክብል ድሕሪ ምግላጹ፡ "እቶም ግጭታት ካልእ መልክዕ እንተ ሒዞም፡ ብርግጽ ሓደስቲ ኣጽዋር ናብ ዓውደ ውግእ ክነምጽእ ኢና፡ " ኢሉ።

እስራኤልን ኣመሪካን ብ28 ለካቲት ኣብ ልዕሊ ጣህራንን ካልኦት ከተማታትን ኢራን ናይ ሓብር መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማሮም፡ ኢራን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ንዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ ማዕበላዊ መጥቃዕቲ ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ብምክያድ፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝጸንሓ ቁጽጽር ከም ዘጋንሖቶ ይፍለጥ።

ኣመሪካን ኢራንን ብ18 ሰነ ኣብ መላእ እቲ ዞባ ኩናት ንምቁራጽ ናይ ምርድዳእ ስምምዕ ተፈራሪመን ምንባረን ዝዝከር ኮይኑ፡ ብመሰረት እቲ ስምምዕ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ዝርርብ ክካየዳ መደብ ተታሒዙ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ስምምዕ ብዘይ ዝኾነ ፍረ ዝሓለፈ 17 ኑሓሰ ብምዝዛሙ፡ ቀጻሊ ኩነታት ናይተን ሃገራት ንጹር ከም ዘይኮነ፡ ምሸቲ ጉዳይ ቅርጻት ዘለዎም ወገናት የመልክቱ።

## እስራኤል፡ ንላዕለዋይ ኣዛዚ ሓማስ ቀቲላ

እስራኤል፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ብዘፈጸመቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ክንፊ ሓማስ ኢዝ ኣልዲን ኣልበይክ ከም ዝተቐተለ፡ ሰብ ስልጣን እስራኤልን ፍልስጤምን ገሊጾም።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁን ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል እስራኤል ካትዝን፡ ሰራዊት እስራኤል ኣቲ ኣብ ምውጣን መጥቃዕትታትን ዕጡቓት ኣብ ምምልማልን ክጥዋፍ ጸኒሑ ዝበልዎ ኣል በይክ ከም ዝቐተሎ ኣፍሊጦም።

ሓማስ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ንቕትለት ኣል በይክ ኣመልኪቱ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ኣል በይክ፡ ሓደ ካብ'ቶም ንኩናት ቓዛ ዳሞጋይ ዘለዓዓለን ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ዝመርሐን ሰብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ብዘይካዚ፡ እስራኤል ትማሊ ሰሉስ ኣብ ጥቓ መዓስከር ስደተኛታት ጃባልያ ንዝነበረ ሓደ ዕጡቕ ሓማስ ዒላማ ዝገበረ ካልእ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ገሊጻ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ኣብ'ቲ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ዝተሳተፉን ንእስራኤላውያን ደማ ጅሆ ዝሓዙን፡ ብውሕዱ 20 ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሓማስ ዝርከብዎም ኣባላት ሓማስ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ከም ዝቐተለ እዩ ዝገለጸ።

ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ ኣብ ጥቅምቲ 2023 ኣብ ደቡባዊ እስራኤል ኣሰቃቒት 1200 እስራኤላውያን ዝቐተለ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ ዝጀመረ ኩናት ቓዛ፡ ዛጊት ህይወት 73 ሽሕ ፍልስጤማውያን ለኪሙ ከም ዘሎ፡ ጸብጻብት ሚኒስትሪ ጥዕና ፍልስጤም የመልክቱ።

## "ኣብ ብሪጣንያ ዝተፈጸመ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ኢድ ናይ ደገ ሓይልታት ነይሩዎ" ሩቢዮ

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ኣብ ብሪጣንያ ዝርከቡ ሓይልታት ኣመሪካ ኣብ ዝጥቀሙሉ መደበር ሓይሊ ኣየር 'ፈር ፎርድ' ዝተፈጸመ ግብሪ ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ኢድ ናይ ደገ ሓይልታት ከም ዝነበሮ ገሊጹ።

እቲ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸምዎ ንዝተጠርጠሩ ሓሙሽተ ሰባት ኣብ ቀይዲ ኣእትዩዎም ዝጸንሐ ፖሊስ ብሪጣንያ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ብዋሕስ ለቒቑዎም ከም ዘሎ'ኳ እንተ ሓበረ፡ እቲ መርመራ ግና ከም ዘይተዛዘመን ልኡኻት ናይ ደገ ሓይልታት ኣብ'ቲ



መጥቃዕቲ ምስታፎምን ዘይምስታፎምን ንምፍላጥ መርመራኡ ግና ይቕጽል ከም ዘሎን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትረምፕ ብወገኑ ኣብ ዋይት ሃውስ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ፍጻመ ምስ'ታ ካብ መወዳእታ ለካቲት ጀሚራ ኣብ ውግእ ኣንጻር ኣመሪካ ጸሚዳ ዘላ ኢራን ዝተኣሳሰረ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምምልካት፡ እቶም ጥርጡራት ብዋሕስ ምፍትሖም ዘተሰምዖ ቅሬታ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ኢራንን ሩስያን ጸጥታዊ ምርግጋእ ሃገራት ንምዝራግ ወይ ሸርሒታት ንምፍጻም ወኪልቲ ይዳለቡ ከም ዘለዉ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ከጠንቅቓ ምጽንሐን ይፍለጥ።

መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ኣብ ሰሜን ለንደን ድሕሪ ዝገጠመ ተኸታታሊ መጥቃዕትታት ሽበራ፡ ኣብ ሚያዝያ ሃገራዊ መጠን ስግኣት ግብሪ ሽበራ ናብ ካልኣይ ዝለዓለ ደረጃ ከም ዘዕበዮ ዝዝከር እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ልዕሊ ውልቀ ሰባትን ምስ ኢራን ዝተኣሳሰሩ ኣካላትን እጉዳ ከም ዘዘበረ ኣደርሲዎ።

ኣብ ብሪጣንያን ካልኦት ሃገራትን ንዝተፈጸመ ሽበራዊ መጥቃዕትታት ኣመልኪቱ ንዝቐርበሉ ክሲታት ብተደጋጋሚ ክትነጽግ ዝጸንሐት ኢራን፡ ሕጂውን ነቲ ትማሊ ሰኑይ ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ፈር ፎርድ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኢድ ከም ዘይብላ ብምግላጽ ነጺጋቶ ኣላ።

## ታይላንድ - ሓደጋ ዕልቕልቕ ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት ወሪዱ

ኣብ ታይላንድ ብዘጋጠመ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ዝሞቱ ሰባት ቁጽሮም ብውሑዱ 23 ከም ዝበጽሐ፡ ሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ገሊጾም።

ኣብታ ብኸቢድ ዝተሃስየት ርእሲ ከተማ ናይ'ታ ሃገር ዝኾነት ባንኮክ ኣብ ዝርከብ ቀንዲ መዓርፎ ነፈርቲ ትሕተ ቅርጻዊ ሓደጋ ብምኽሰቱ፡ መንግስቲ ናይ ሚልዮናት ዶላር ሓገዝ ኣጽዲቑ ኣሎ።

ኣብ ባንኮክ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ጥራይ 320 ሚ.ሜ ዝናብ ከም ዝወቕዐ፡ እዚ ድማ ዳርጋ ማዕረ'ቲ ኣብ ምሉእ ወርሒ መስከረም ኣብ'ታ ከተማ ዝወቕዕ ዝናብ ምዃኑ፡ ኣገልግሎት ሜትዮሮሎጂ ናይ'ታ ሃገር ኣመልኪቱ።

ባንኮክ፡ ካብ'ተን ብቲ ባህርያዊ ሓደጋ ብኸቢድ ዝተሃስያ 42 ኣውራጃታት ታይላንድ ኮይና፡ እቲ ዕልቕልቕ ኣብ ልዕሊ ፍርቂ ካብ'ተን ኣውራጃታት ብዘምጋም 367 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ንዋታዊ ዕንወት ኣስዒቡ ከም ዘሎ፡ ኣብ ቱሪዝም ዝምርኮስ ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ድማ ብኣሉታ ተጸልዩ ምህላዉን ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።



ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ

ዕለት
30/9/2026

ጎደና
ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስታ ኦፈስ ፊት ፎቶ ኤርትራ

ቁ.ስልኪ
200141

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565





